
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.232 | ዓርቢ 29 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ምሕርሙቕት ኣብ ኣካላትና ዘፈጥሮ ምዝንባዕ



ገጽ 3
ማዕበላዊ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ



ገጽ 4
ጦብላሕታዊ ንባብ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ



ገጽ 5
ወራርቕይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን



ገጽ 7
ምልክታ

# ልኡኽ ‘ዩኔስኮ’፡ ምስ ላዕለዎት ሰብ-መዚ ኤርትራ ዘተዩ

ልኡኽ ውድብ ትምህርቲ፡ ስነ-ፍልጠትን ባህልን ሕቡራት ሃገራት - ‘ዩኔስኮ’፡ ትማሊ 28 ግንቦት ምስ ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን ዘትዩ።

እቲ ብተሓጋጋዚ ዋና ዳይረክተር ናይ’ቲ ውድብ ኣ’ሰይድ መሓመድ ኣልፈርናዋኒ ዝተመርሐን ዳይረክተር ናይ’ቲ ውድብ ኣብ ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ ሚስ ልዊስ ሃክስትሃውዘን እትርከቦን ልኡኽ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል፡ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡



ስእሊ-ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ከምኡ’ውን ምስ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ጽላታት ትምህርቲ፡ ስነዳን ምዝገባን ሃብታም ታሪኻውን ረቒቕን ውርሻታት ኤርትራ፡ ከምኡ’ውን ምልውዋጥ ተመኩሮ ዲጂታዊ ስነ-ፍልጠትን ሰብ-ሰርሖ ብልሒን ኣብ ትምህርትን ሓበሬታን ዘተኮረ ዝርርብ ኣካዪዱ።

ኣብ’ቲ ኣወሃሃዲት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ እውን ዝተሳተፈቶ ርክብ፡ ንዝጸንሐ ምትሕብባር ምስ ግዜ ንምስፋሕን ንምድንፋዕን ሰፊሕ ምርድዳእ ተገይሩ።

# ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ክወሃብ’ዩ

ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመት-ትምህርቲ 2025/2026፡ ካብ 3 ክሳብ 5 ሰነ 2026 ኣብ ውሽጢ ሃገር ከምኡ’ውን ኣብ ሱዳንን ስዑድያን ክወሃብ ምዃኑ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምዘና ሃገራዊ መርመራን ኣቶ ግርማኣለም ተኪኤ ገሊጹ።

ሎሚ ዓመት፡ 48 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 68,197 ተመሃሮ ኣብ 535 ማእከላት



ከምዝፍተኑ ዝሓበረ ኣቶ ግርማኣለም፡ 532 ነቑጣታት ኣብ ውሽጢ ሃገር ክኾኑ ከለዉ፡ ሓደ ኣብ ከሰላ - ሱዳን፡ ክልተ ድማ ኣብ ጅዳን ሪያድን - ስዑድያ ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።

ኣብ’ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ መፈተኒ ማእከላት 2 ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን፡ 2 ድማ ጽሙማንን ዓይነስዉራንን ኣብ ዝመሃሩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዝርከቡ ብምጥቃስ፡ ብርኽት ዝበሉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣብ ከከባቢኦም ክፍተኑ ዕድል ተራሕዩሎም ከምዝለዉ ሓቢሩ።

ኣቶ ግርማኣለም ወሲኹ፡ ተፈተንቲ ብ5 ዓይነታት ትምህርቲ ማለት እንግሊዝ፡ ቁጽሪ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ማሕበራዊ ትምህርትን ትምህርቲ ዜግነትን ከምዝፍተኑ ብምሕባር፡ ዝመጽእ ሰሉስ 2 ሰነ ኣብ ዘዘተመደበሎም መፈተኒ ቦታ ተረኺቦም ንዝወሃቦም መምርሒ ብግቡእ ክከታተሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ነቲ ፈተና ንምክያድ ልዕሊ 8 ሽሕ ሓይሊ-ሰብን እኹል መሳለጥያታትን ከምዘዋደደ ብምግላጽ፡ ተመሃሮ ቅድሚ ናብ ፈተና ምእታዎም ዘድሊ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምቅርራብ ክገብሩ፡ ወለዲ ከኣ ንደቆም ብግቡእ ክድልውን ክተባብዑን ተላብዩ።

# ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ጀኔቫ ተባዒሉ

ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ፡ ብ27 ግንቦት ኣብ ቀጽሪ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት - ጀኔቫ ተባዒሉ።

ኣብ’ቲ ብባህላዊ እንግዶት ዝማዕረገ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ጀኔቫ ዝመደበሮም ኣምባሳደራት፡ ወከልትን ሓለፍትን ኣህጉራውያን ትካላትን ውድባትን፡ ከምኡ’ውን ኣባላት ኤርትራዊ ውዳበታት ተሳቲፎም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላድ ከምኡ’ውን ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት - ጀኔቫን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብርእሰ-ሓያላን ዝተነፍጎ ሕጋውን ሰብኣውን መሰል ርእሰ-ውሳነን ናጽነትን፡ ነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ብምኽያድ ብደሙ ከምዘረጋገጾ ጠቒሱ፡ ልኡላውነቱ ዓቂቡ - ቁጠባዊ ሓርነት ንምርግጋጽን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስን ዝጀመሮ ጉዕዞ ልምዓት፡ ዘተኣባብዕ ውጽኢት ኣመዝጊቡ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣቶ ሃብቶም ኣስዒቡ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ኣገልግሎታት ትምህርትን ጥዕናን፡ ከምኡ’ውን ካልእ ጽላታት ብዝተገብረ ወፍሪ፡ ንዘላቒ መጻኢ ድልዱል መሰረት ተነቢሩ ከምዘሎ ብምሕባር፡ “ዝዓመምናዮ ሓያል፡ ዝተርፈና ኸኣ ብዙሕ ምዃኑ ብምእማን፡ ናብ ሽቶና ንምብጻሕ ብሓያል ስጉሚ ንምርሽ ኣለና” ክብል ገሊጹ።

እቲ ኣጋጣሚ፡ ንብዙሕነት ሕብረተሰብና፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ኤርትራ፡ ከምኡ’ውን ንዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታት ብዘገልጽ ስእላዊ ምርኢት ተሰኒዩ ነይሩ።


# ዓንሰባ - ንስንኩላን ኲናት ገንዘባዊ ሓገዝ ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ብንኡስ ንግዲ ዝናበሩ 53 ኣባላት ማሕበር ‘ሕልና’፡ ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብምርድዳእ፡ ካብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተዋጽኡ 14 ስንኩላን ኲናት ገንዘባዊ ደገፍ ገይሮም።

ጠርናፊት ናይ’ቲ ማሕበር ወ/ሮ ሰናይት ተኽላይ፡ እቲ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ዝተኸፋፈለ ገንዘብ፡ ወርሓዊ ዘዋጽእዎ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ዓቕሚ ዘለዎም ዜጋታት ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክወስዱ ጸዊዓ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ኲብሮም ንርኣዮ ድማ፡ ንወፈያ ምሕጋዝ ኣካል ባህልን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እዚ ሰናይ ተግባር ኣብ ቅንያት በዓል ናጽነት ረዚን ትርጉም ከምዘለዎ ኣገንዚቡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ ዘዋጽእዎ ገንዘብ፡ ኣብ ከተማ ሓጋዝ ንዝርከቡ ጽግማት ወገናት ኣመቓሪሖም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምሒር ሙቐት ኣብ ኣካላትና ዝፈጥሮ ምዝንባዕ

ሙቐት ዓለምና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይኸይድ ብምህላዉ፡ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ቅርጺ መሬትን ኣብ ጥዕና ናይቶም ኣብ ልዕሊኣ ዝነብሩ ህይወታውያን ልዑል ጽልዋ እዩ ዝፈጥር ዘሎ። ሓደ ካብቲ ዝለዓለ ጠንቂ ምውሳኽ ሙቐት ዓለምና ኮይኑ ዝጥቀስ፡ ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ ከባቢኡን ቀጸላታት ጠፈር/ ኣየርን ዓለምና፡ ግዱ ከይገበረ ዝነብሮ ዘሎ ንጥፈታት እዩ። ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝግበር ብከላ ኣየርን ኣከባብን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል እዩ።

ብሰንኪ ምውሳኽ ሙቐት ዓለምና፡ ኑቲ ዝፍጠር ለውጢ ኣብ ክሊማ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ (adaptation) ከማዕብሉ ዘይከኣሉ ሓያሎ ፍጡራት ናይዛ መሬት ክጸንቱ ደረኣዩ ኣለዉ። ኑቲ ለውጢ ክሊማ ተጻዊርናም ክነብሩ ኣብ ዝኽእሉ ዘለዉ ፍጡራት'ውን፡ እዚ ኣብ ዓለምና ዝርአ ዘሎ ምውሳኽ ሙቐት ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ሳዕቤን እናውረደ እዩ ዝርከብ - እንተላይ ኣብ ወዲ ሰብ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሰንኪ ምዝንባዕ ክሊማ ንዝፍጠር ዘሎ ልዑል ሙቐት ዝቃለዕ ዘሎ ብዙሓት ህዝቢ ዓለም፡ ልዕሊ ፍርቂ በጺሑ ከም ዘሎ መጽናዕትታት የመልክቱ።

ልዑል ሙቐት ኣብ ዝበዝሖ ወቕቲ፡ ምስ ሙቐት ብዝተኣሳሰሩ ሕማማት ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ እናዓበየ እዩ ዝኸይድ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ልዑል ሙቐትን ጸቕጢ ኣየርን፡ ኣካላትና ብረሃጽ ጥራይ ክዝሕል ከቢድ ስለ ዝኾነሉ እዩ። ቅልጡፍ ዝኾነ ሕክምናዊ ክንክን እንተዘይረኺቡ፡ ንዘስዕቦ ጥዕናዊ ጸገም ክንቃለዕ ንግደድ።

ሙቐት ሰብነት ናይ ሓደ በጺሒ ካብ 36 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ክሳብ 37 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ክኸውን እዩ ዘለዎ። ዕሸላትን ህጻናትን ድማ ካብ 36 ክሳብ 38 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ እንተሃለዉ ንቡር ምዃኑ እዩ። እቲ ሙቐት ካብ 40 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ንላዕሊ እንተኾይኑ፡ ብልዑል ሙቐት ተጠቒዕና ክንኸውን ስለ እንኽእል፡ ወቓዒ ሙቐት 'ኮልባዲሰሎ' ከየስዓበልና እንከሎ፡ ብቐልጡፍ ናብ ሕክምና ክንከይድ ይግባእ።

### ምሒር ሙቐት ኣብ ኣካላትና ዝፈጥሮ ዘይንቡር ንጥፈታት

ሙቐት ሰብነትና እናወሰኸ ክኸይድ እንከሎ ሰራውር ደም ይኽፈታ። እዚ፡ ጸቕጢ ደም ክንኪ ስለዝነብር ልብና ኑቲ ደም ናብ ኣካላትና ንምብጻሕ ብሓይሊ ክትሃርም ትግደድ። ቅልጡፍ ምውሳኽ ሙቐት ሰብነት ወይ ሕበጥ እግሪ ዝኣመሰሉ ምልክታት ዝርኣዩ በዚ ምኽንያት እዩ።

ኣብ ግዜ ልዑል ሙቐት ኣብ ታሕተዋይ ቀጸላ ቆርበት ሰብነትና ብዙሒ ደም ክም ዝውሕዝ ይኸውን። ኑቲ ሙቐት ካብ ውሽጢ ኣካላትና ብመልክዕ ረሃጽ ንደገ ንኽወጽእ ይሕግዝ። እቲ ኣብ ሰብነትና ዝጸንሐ ሙቐት ብረሃጽ ክወጽእ እንተኾኢሉ ሰብነትና ብንቡር ኣገባብ ክዝሕል ይጅምር።

ረሃጽ ሙቐት ሐዚ ክወጽእ እንከሎ፡ ካብ ሰብነትና ኣገዳሲ ዝኾነ ፈሳሲን ጨውን ሐዚ እዩ ዝወጽእ። ብቐሊሉ ንንቕጸት ሰብነት (dehydration) ንቃላዕ ማለት እዩ። እዚ ምስቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ትሕቲ ንቡር ምጉዳል ጸቕጢ ደም ተደሚሩ፡ ምስልካይን ሓይሊ ምድካምን ዝኣመሰሉ ምልክታት ክርኢ ንጅምር።

### ልዑል ሙቐት ኣብ ኣካላትና ዘውርዶ ጉድኣት

ሓደ ሰብ ንምሒር ሙቐት ንንውሕ ዝበለ ሰዓታት ምስ ዝቃላዕ ካብ ንጥፈታት ኣካሉ፡ እቲ ብቐዳምነት ዘቋርጽ ናይ ምርሃጽ ዓቕሚ እዩ። ከም እንፈልጦ ረሃጽ ኣብ ኣካላትና ዝሎ ልዑል ሙቐት ናብ ንቡር ደረጃ ንኸወርድ ዝገልግል መጥፍዪ እዩ። ምርሃጽ ምስ እነቋርጽ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብወቓዒ ሙቐት ክንጥቃዕ ንኽእል።



### ብልዑል ሙቐት ዝያዳ ዝጥቃዕ ኣካል ኣየናይ እዩ

ብምሒር ሙቐት እቲ ፈለማ ጉዳይ ዝኸውን ክፍሊ ሰብነትና መትኣልባዊ (cardiovascular) ስርዓት እዩ። ደምና ኣብ ሰብነትና ዓሲሉ ዝሎ ሙቐት ንምዝሓል ዝያዳ ናብ ወሰናስን ክፍሊ ሰብነትና እዩ ዝውሕዝ። ብሰንኪ ረሃጽ ኣብ ኣካላትና ንዝፍጠር ሕጽረት ማይ ከምኡ'ውን ብሰንኪ ልዑል ዝርግሐ ዋሕዚ ደም ኣብ ወሰናስን ክፍሊ ሰብነትና፡ ኣብ ልቢ ጸቕጢ ደም ብዝለዓለ ዓቐን ይጎድል። ልቢ ናብ ኩሎም ኣካላት ሰብነትና ደም ምእንቲ ክበጽሕ ትፈጥሮ ህርመት ልቢ ንኽወሰኽ ልዑል ጻዕሪ ትገብር። ብዘይካ ክተማልእ ዓቕሚ ስለ ዝሓጽራ ድማ እቲ ጉዳይ ወኻኡ ከጥፍእ ይግደድ። ቀልጢፉ ግቡእ ክንክን እንተዘይረኺቡ ድኻም ልብን ሞትን ከስዕቡ ይኽእሉ።

እቲ ካልኣይ ብምሒር ሙቐት ጉዳይ ዝኸውን ኣካል ሓንጎል እዩ። ምሒር ሙቐት፡ ብመትናዊ ስርዓት ኣብ መንጎ ሓንጎል፡ ልብን ፕሮቲንን ዝበረ ምንኳብ ዝተሓላለኸ ይኸውን። ድርቀት (de-hydration) ብኤለክትሮላዊ ምንቅስቓስ ብመትንታት ንዝመሓለለፍ መልእኽቲ የተዓናቕፎ።

***ኣስተብህል!*** ሓንጎልና ንምዝሓል እንጥቀመሉ ኣገባብ ሓደ ስርዓት-እስትንፋስ እዩ። ብምሒር ሙቐት ዝተጠቕዐ ጉዳይ፡ ናብን ካብን ሓንጎል ንዝውሕዝ ደም ንምዝሓል፡ እስትንፋሱ ቅልጡፍ እዩ ዝኸውን። እዚ ንዕሉ ኣብ ደም ዝህሉ መጠን 'ፒ.ኤች.' (pH) ስለ ዝዓቢ፡ ኣብ ዋህዮታት ደም ከቢድ ዕንወት እዩ ዘወርድ። 'ፒ.ኤች.' ኣብ ሓደ ነገር ዘሎ ጻዕቂ ሃይድሮጅን እዩ ዝልክዕ።

ኣብ ግዜ ምሒር ሙቐት፡ ዑደት ደምና ናብ ወሰናስን ክፍሊ ሰብነትና ብዙሓ ስለ ዝውሕዝ፡ ትሑት ዋሕዚ ደም ብምርካብ ጉዳይ ካብ ዝኸውን ኣካላት ሰብነትና መዓንጣ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ዘዋሉ ወጻኣትን ተምላስን ከስዕበልና ይኽእል።

ካብ ሰብነትና ልዑል ማይን ጨውን ብምጥፍኡ ኣብ ስርዓት-ሸንቲ ከቢድ ዕንወት እዩ ዘጋጥም። ኩሊት ውሑድ ግን ከኣ ኣዝዩ ዝተመረዘ ሸንቲ ክተፍሪ ትግደድ። እቲ ሸንቲ በናዊ ሕብሪ ዝሓዘ ይኸውን። ንዝተወሰነ ግዜ ከምዚ እንተቐጺሉ ድማ ኣብ ኩሊት ጥዕናዊ ጉድኣት ይወርድ።

ልዑል ሙቐትን ጸቕጢ ኣየርን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ክፍሊ ኣካላትና ልዑል ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ዝያዳ በዚ ዘይንቡር ኩነታት ኣየር ክህሰዩ ዝኽእሉ ክፍሊ ሰብነትና ግን፦

#### ቆርበት

ኣብ ግዜ ምሒር ሙቐት፡ ናብ መሬት ዝወርዱ ጨረርታ ብርሃን 'ኡልትራቫዮሌት' ልዕሊ ካልእ እዋን ዝሓየሉ እዮም። በዚ ጨረርታ ብርሃን'ዚ ብቐጥታ ዝጽሎ ክፍሊ ኣካላትና ቆርበትና እዩ። ቆርበትና ብልዑል ጨረርታ ብርሃን 'ኡልትራቫዮሌት' ምስ ዝጥቃዕ፡ ዋህዮታቱ ይሞቱ። ንሕማም መንሸሮ ድማ ዝተቓልዐ ይኸውን።

#### ሓንጎል

ልዑል ሙቐትን ጸቕጥን ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ሓንጎልና ብግቡእ ክሰርሕን ክሓስብን የጸግሞ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ልዑል ሙቐት ኣብ ኣሰራርዓን ብቕዓትን ሓንጎል ልዑል ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ልቡወታዊ ኣመኻኽታ ስለ ዘጉድል፡ ኣብ ስራሕን ካልእ ንጥፈታትን ጌጋታት ክበዝሕ ግድን ይኸውን። ኣብ ግዜ ልዑል ሙቐት ኣየር ናብ ሓንጎል ዝውሕዙ ነኣሽቱ ሻምብቆታት ደም ከምቲ ዝድለ ኣይሃጥፉን። ከም ሳዕቤኑ 'ፕሮቲንስ' (Proteins) ከምኡ'ውን 'ኣዮንስ' (ions) ዝተባህሉ ጭኡታት ኣብ ሓንጎል ስለ ዝእከቡ ኣብ ጥዕና ሓንጎል ሳዕቤናት ይፈጥሩ።

#### ረሃጽ

'ሃይፖታላሙስ'(hypothalamus) ሙቐት ንምምጥጣን ዝገልግል ተፈጥሮኣዊ ብልሓት ኣካላት እዩ። ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ወጻኢን ዝሎ ሙቐት ብምድህሳስ ሙቐት ኣካላትና ከም ዝመዓረረ ይገብር። ሓንጎልና ሙቐት ሰብነትና ልዒሉ ከም ዘሎ ምስ ዝገንዘብ፡ 'ሃይፖታላሙስ' ኣብ ክፍሊ ቆርበትና ናብ ዝርከቡ ሻምብቆታት ደምና መልእኽቲ ሰዲዱ፡ እቶም ሻምብቆታት ብዙሓ ደም ከም ዘውሕዙ ይገብር። ኣብ ከምዚ ማስርሕ ድማ፡ ሙቐት ኣካላትና ከም ዝዝሕል ይኸውን።

ካብ ኣካላትና ወጻኢ ዘሎ ኣየር ካብቲ ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ዘሎ ዝሞቐ ምስ ዝኸውን፡ ረሃጽ ዘንዝዑ ጸኒታት ኣካላትና ኣብ ሓያል ስራሕ ክጽመዱ እዮም ዝግደዱ። ኣብ ሰብነትና ካብ 1.6 ክሳብ 5 ሚልዮን ዝጽሒ ረሃጽ ዘንዝዑ ጸኒታት ኣለዉ። እንርህጽ በቲ ልዑል ሙቐት ተጸልዩ ዘሎ ክፍሊ ሰብነትና ልዕሊ ዓቐን ሙቐት ከይህልዎ እዩ።

ረሃጽ ሓደኛ ዝነብሮ ነገር እንተሎ ግና ንንቕጸት ሰብነት ስለ ዘቃልዓና እዩ። ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘሎ ሰብ ብፍላይ ኣብ ግዜ ሙቐት ኣብ መዓልቲ ክሳብ 10 ሊትሮ ረሃጽ ከወጽእ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ብብዝሒ ፈሳሲ ምስታይ ኣገዳሲ ይኸውን።

ኣብ ግዜ ድርቀት ሰብነት፡ ናብ ቆርበትና ዝውሕዙ ደምን ብቖርበትና ዝወጹ ረሃጽን ስለ ዘቋርጹ፡ ሙቐት ሰብነት ብዝዩ መጠን ይዓርግ። ወቓዒ ሙቐት ወይ ሞት ኪጋጥም ድማ ንቡር ይኸውን።

#### ሳንቡእ

ልዑል ሙቐት ኣብ ጽሬት ናይ ኣየር ጽልዋ ክህልዎ ንቡር እዩ። በዚ እዩ ድማ ልዑል ሙቐትን ጸቕጥን ኣብ ዝበዝሓሉ ኩነታት ኣየር ክስተንፋስ እንጽገም።

### ንልዑል ሙቐት ዝተቓልዐ ሰብ ዝርእዮ ምልክታት

- ጸርወርው ምባል
- ዕንግርግርን ተምላስን፡
- ወነ ምጥፋእ፡
- ምድንጋርን ኣደህቦ ምጥፋእን፡
- ምጭብባጥ ጭዋዳ፡
- ሕማም ርእሲ ወዘተ።

ጸቕጢ ደም ኣመና እንተትሒቱ፡ ድኻም ልቢ ከስዕብ ከም ዝኽእል እዩ ዝነገር።

#### ሰብነትና ብኸመይ ነዝሕል፧

ብዝሑል ማይ ሰብነትካ ከተዝሕል ይከኣል እዩ። ኣብቲ ወሰንቲ ሻምብቆታት ደም ናይ ኣርተሪ ዝርከብሉ ኣካላት ሰብነትና ብበረድ ምድራዝ። እዚ መናፈት ቆርበት ሰብነትና ከም ዝኽፈቱ ስለ ዝነብር፡ ብቐሊሉ ንኽንርህጽ ይሕግዙና። ምስ እንርህጽ እቲ ኣብ ውሽጢ ሰብነትና ዝርከብ ልዑል ሙቐት ንደገ ክወጽእ ይኽእል።

ንኽንርህጽ ኣብ ሃዋህው/ ኣየር ዝርከብ ጠሊ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ኣየር ልዑል ጠሊ እንተሎ ናይ ምርሃጽ ተኽእሎና ድኹም እዩ ዝኸውን። እቲ ኣየር ንቑጽን ደረቕን እንተኾይኑ ግና ብቐሊሉ ክንርህጽ ይሕግዘና እዩ።

ክሳዕ 37 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ከባቢ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ሰዓት ኣስታት 15 ኪሎ ሜተር ይጎዩ እንተሎ፡ ኣብ ሰዓት ኣርባዕተ ሊትሮ ረሃጽ ክፍሪ ከም ዘለዎ ክኢላታት ሕክምና የመልክቱ።

ኩሉ ሰብ ብማዕረ ደዩ ሙቐት ዝቶጻጸር፧

ኣይኮነን። ምስ ልዑል ሙቐት ምትእስሳር ዘለዎም ሕማማት ከውርድዎ ዝኽእሉ ጸገማት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ጽልዋ ሙቐት፡ እቲ ሰብ ክሳብ ክንደይ ሰብነቱ ልዑል ሙቐት (ወይ ምሒር ዛሕሊ) ይጻወር ኣብ ዝበሎ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ እዩ ዝምርኮስ። ስለዚ ገለ ሰባት ልዑል ሙቐት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ክህልዎም እንከሎ ገሊኦም ድማ ዘይክእሉ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ዘለዎም ሰባት፡ ሰብነቶም ምዕሩይ ሙቐት ክዕቅብ ስለ ዘይክእል፡ ብልዑል ሙቐት ቀልጢፎም ተጠቃዕቲ እዮም። ዕድመ (ብፍላይ ልዕሊ 45 ዓመት ዝዕድመኦም)፡ ከምኡ'ውን ድኹም ሓፈሻዊ ጥዕና ዘለዎም ሰባት፡ ገለ ካብኦም ብልዑል ሙቐት ተጠቃዕቲ ዝኾኑ ኣካላት ሕብረተሰብ እዮም።

ቀጻሊ ሕክምናዊ ክንክን ዝነብሩ ጉዳያት ጸቕጢ ደም፡ ሸኮርን ካልእ ሕዱር ሕማማትን ዝኾኑ ሰባት፡ ብልዑል ሙቐት ተጠቃዕቲ እዮም። ናይ ቆርበት ሕማም ዘለዎም ሰባት ልዑል ሙቐት ቀልጢፉ ክጥቅዖም ይኽእል።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ማዕበላዊ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ



ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ትወስዶ ዘላ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ብዙሓየለ መልክዑ ክቕጽል ምዃኑ ድሕሪ ምጥንቃቑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ደቡባዊን ምብራቓዊን ክፋል ሊባኖስ ጽዑቕ ደብዳባት ክኸየድ ቀንዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ልዕሊ 30 ሰባት ከም እተቐትሉ፡ ሚኒስተሪ ጥዕና ናይታ ዓረባዊት ሃገር ሓቢሩ። ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ፡ ሕዝቦላህ ኑቲ ቅድሚ ሓሙሽተ ሰሙኑቲ ብመንገኛኑት ኣመሪካ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ከም ዝጡሓሶ ብምኽንያቱ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊኡ ክኸየድ ኣዚዙ። በዚ ድማ'ዩ እቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን እቲ ዕጡቕ ጉጅለን ዝጸንሐ ምትፍናን ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ ክዓርግ ንዕዞ ዘለና። እስራኤል፡ ሕዝቦላህ ንስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ብምጥሓሱ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ዓስኪሩ ዘሎ ሰራዊታ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ ከም ዝኸየደ እያ ትኸስስ። ሕዝቦላህ ብወገኑ፡ እስራኤል ኑቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ዕሸሸ ብምባል፡ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ትሕተ ቅርጽታቱ መጥቃዕትታት ተኻይድ ኣላ ብምባል እዩ ዘወቕሰ። በዚ ኮይኑ በቲ ግን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ እቲ ተበጺሑ ዝነበረ ስምምዕ፡ ብኽልቲኦም ወገናት ተጣሒሱ እዩ ዝርከብ።

እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ብሰማይን ብመሬትን ንእተካይዶ መጥቃዕትታት፡ መዓልታዊ ብዙሓየለ መልክዑ እያ ትቕጽሎ ዘላ። ሕዝቦላህ እውን፡ ሮኬታትን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲን ናብ ሰሜናዊ ክፋል እስራኤልን፡ ናብቲ ብሰራዊት እስራኤል ተታሒዙ ዘሎ ደቡባዊ ክፍል ሊባኖስን ክውንጭፍ እዩ ዝረአ ዘሎ። በዚ ምኽንያት'ዩ'ም እምበኣር፡ ክልቲኦም ወገናት ኑቲ ዓቢ ተስፋ ተነቢሩሉ ዝነበረ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ንጎደኒ ብምግዳፍ፡ ኣብ ሓድሽ ምዕራፍ ናይ ኩናት ኣትዮም ዘለው።

ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ እስራኤል ምስቲ ብኢራን ዝድገፍ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ኣብ ኩናት ከም ዘላ ድሕሪ ምግላጹ፡ "ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝሓለፋ ሓደት ሰሙናት፡ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ኣስታት 600 ኣሸበርቲ ቀቲላ ኣላ፡" ክብል ተሰሚዑ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ናታንያሁ፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ሕዝቦላህ ሓድሽን ሓያልን ማዕበላዊ መጥቃዕቲ ክኻይድ ትእዛዝ ድሕሪ ምትሕልላፉ፡ ኣብ ደቡባዊን ምብራቓዊን ክፋል ሊባኖስ ብዝተኻየደ ደብዳብ፡ ብውሕዱ 11 ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም ኣለው. - ብመሰረት ጸብጻብት ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ። ይኹን'ምበር፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ እተካይዶ ዘላ ኩሉ መጥቃዕትታት፡ ንትሕተ ቅርጺ ሕዝቦላህ ጥራሕ ዒላማ ዝገበረ ምዃኑ እያ ትምጉት። በቲ ንሕዝቦላህ ዒላማ ገይራ ዝኻየደቶ መጥቃዕትታት ከኣ፡ ዛጊት ልዕሊ 100 ትሕተ ቅርጽታት ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ዓንዮም ከም ዘለው፡ ጸብጻብት ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል የመልክቱ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቲ ናብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ኣትዩ ዘሎ ግዚፍ ሰራዊት እስራኤል፡ ኣገደስቲ ዝበሎም ሰፋሕቲ ከባቢታት ይቆጻጸር ምህላዉ፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እስራኤል ዝርከቡ ነበርቲ ድማ ካብ ሕዝቦላህ ክመጽእም ዝኽእል መጥቃዕትታት ንምክልኻል፡ ጸጥታ ናይቲ ከባቢ ንምውሓስ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ፡ በንያሚን ናታንያሁ ኣፍሊጡ።

ነታንያሁ ብዘይካ'ዚ፡ ሕዝቦላህ ኑቲ እስራኤል ኣቕሪባቶ ዘላ ኩሉ ቅድመ ኩነታት ክሰብ ምሉእ ብምሉእ ዘይተቐበሎ፡ ኣብ ሊባኖስ ሰፊሕ መጥቃዕትታት ምኽያድ ፊጺሙ ከም ዘየቋርጽ እዩ ዘጠንቀቐ ዘሎ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ኣብታ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ እትርከብ ከተማ ታይራን ከባቢኣን ዝርከቡ ሊባኖሳውያን፡ ካብ ኣባይቶም ብቕልጡፍ ክግዕዙ ጻውዒት ኣቕሪቡ ኣሎ። ከም ዝዝከር፡ ኢራን ኑቲ ኣብ መንጎኣን ኣመሪካን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ፡ እንተላይ ንሊባኖስ ዘጠቓለለ ክኸውን እያ ጸዊዓ ነይራ። እዚ ማለት፡ እቲ ምስ ኢራን ጥቡቕ ርክብ ዘለዎ ሕዝቦላህ፡ ኣካል ናይቲ ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን እስራኤልን ክበጽሕ ዝኽእል ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ክኸውን ማለት እዩ። እንተኾነ፡ እስራኤል፡ እቲ ስምምዕ ንሊባኖስ ከም ዘይምልከታ ብምግላጽ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕትታት ክኻይድ ጸኒሑ እዩ። ኣብ መንጎ እስራኤልን ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህን ግጭት ካብ ዝጀምር ንደሓር ጥራሕ፡ ኣብ ሊባኖስ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም ኣለው። ብወገን እስራኤል ድማ፡ ልዕሊ 23 ወተሃደራትን ካልኦት ሓያለ ሰላማውያን ሰባትን ህይወቶም ስኢኖም ኣለው።

ኣብ መንጎ ሕዝቦላህን እስራኤልን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ፡ ዝሓቐፎም ነጥብታት እንታይ እዮም ነይሮም፧ ከም ዝዝከር፡ ብመንገኛኑት ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ብ16 ሚያዝያ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ን10 መዓልታት ዝጸንሕ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ተኸቲሙ ነይሩ እዩ። እቲ ድሒሩ ንሰለስተ ሰሙናት ዝተናውሐ ስምምዕ ግን፡ ነዊሕ ከይቀጸለ ብኽልቲኦም ወገናት እዩ ክጡሓስ ተራእዩ። ብመሰረት እቲ ተበጺሑ ዝነበረ ስምምዕ፡ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ እተካይዶም መጥቃዕትታት ደው ከተብል፡ ሕዝቦላህ ድማ ብተመሳሳሊ ናብ እስራኤል ዘውንጭፎም ሮኬታትን ሚሳይላትን ደው ከብሎ እዩ ነይሩ። እዚ ክልቲኦም ወገናት ተረዳዲኦምሉ ዝነበሩ ስምምዕ ግን፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ተጣሒሱ ኣሎ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ሊባኖስ ብደብዳብ እስራኤል ብዙሓት ንጹሃት ሰባት ግዳያት ክኾኑ ንዕዘብ ኣለና።



ብኣመንቲ ሽዓ ከም ዝድገፍ ዝንገረሉ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ብእስራኤል ዝፍጸመሉ ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት፡ ንወተሃደራዊ መሳለጥያታት ናይታ ሃገር ዒላማ ዝገበረ ልዕሊ 20 ናይ ሰብ ኣልቦ ነፈትን ሚሳይላትን መጥቃዕትታት ኣብ ውሽጢ እስራኤል ከም ዝኻየደ እዩ ዝንገረሉ ዘሎ። ብኻልእ ወገኑ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ፡ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ጥራሕ እዩ ዝተደረተ ኮይኑ ጸኒሑ። ይኹን'ምበር፡ ኣብቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ተበጺሑሉ ዝነበረ እዋን'ውን እንተኾነ፡ ብዕስርተታት ዝቑጸሩ ወተሃደራት እስራኤልን ኣባላት ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህን ከም ዝተቐትሉ እዩ ዝንገር። በዚ ከኣ፡ እቲ ስምምዕ ካብ መጀመርታኡ ፍሹል ምንባሩ ኢና ክንርዳእ ንኽእል። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሊባኖስ ተኸሲቱ ዘሎ ከቢድ ፖለቲካውን ጸጥታውን ቅልውላው ንምህዳእ፡ ሰራዊት እስራኤል ካብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ጠቕሊሉ ክወጽእ እዩ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ጆሰፍ ዓውን ዝጸውዕ ዘሎ።

እስራኤል ካብ ዝሓለፈ መጋቢት ኣትሒዛ ኣብ ሊባኖስ ብእትፍጽሞ ዘላ ጽዑቕ ደብዳባት፡ ዛጊት ኣስታት 3,270 ሰላማውያን ሰባት ክቕተሉ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 9,800 ሰባት ድማ ቆሲሎም ኣለው. - ብመሰረት ጸብጻብት ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ። ብሓፈሻ ክረአ እንከሎ ድማ፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ናይታ ሃገር ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሊባኖሳውያን ካብ ቤት ንብረቶም ተመዛቢሎም ኣለው። ብሰንኪ'ቲ ገና ዝቕጽል ዘሎ መጥቃዕትታት ናይ እስራኤል፡ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ሊባኖስ ብ7 ሚእታዊት ኣንቆልቍሉ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ እቲ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ትሕተ ቅርጽታትን ካልኦት መሳለጥያታትን ናይታ ሃገር ኣውሪዱዎ ዘሎ ክሳራታት ብገንዘብ ክትመን እንከሎ፡ ኣስታት 8.5 ቢልዮን ዶላር ከም ዝግመት፡ ጸብጻብት ናይታ ሃገር የመልክቱ። ካብዚ ክንርድኦ ንኽእል ነገር እንተ ደኣ ሃልዩ፡ ህዝቢ ሊባኖስ ቀንዲ ግዳይ ናይቲ ኣብ መንጎ ሕዝቦላህን እስራኤልን ተወሊዑ ዘሎ ኩናት ኮይኑ ምህላዉ እዩ።

# ጦብላሕታዊ ንባብ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ

ሰረበ እስቲፋኖስ

(4ይ ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ መጽሓፍ፡ An African People's Quest for Freedom and Justice: A Political History of Eritrea 1941-1962፣ ብዛዕባ ሃገራውነት ዘልዓሎ ኣገደስቲ ሕቶታት ኣልዒልና ነይርና። ብርግጽ ድማ፡ ኣምር ሃገራውነት በቲ ዘመናዊ መረዳእታ፡ ክልተ ሚእቲ ወይ ልዕሊኡ ዝሸፍን ዕምሪ ጥራሕ ስለዘለዎ፡ ንስኑ ፍልጠታዊ መግለጺ ይኸውን ሚዛናዊ መረዳእታ ምቹእ ከይኮነ እዩ ጸኒሑ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ምንጩታት ብምጥቃስ፡ ኣምር ሃገራውነት፡ ንገለኦም ባህልታት ብምምጣጥ፡ ብምፍጣር ወይ ድማ ብምህሳስ ጽውጽዋይ ስለ ዝፈጥር ዝያዳ እናተጠናነገ ከም ዝኸይድ ይገብሮ። ጸሓፊ ታሪኽ ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ወይ'ውን ምናልባት ኣብ መላእ ኣፍሪቃ፡ ከም ሃጼያዊት ኢትዮጵያ ገይራ ንሕሉፍ ታሪኻ ብምምዝማዝ፡ ነቲ ህሉው ስምዒት ሃገራውነት ኣብ ምድራዕ ዝያዳ ዝተዓወተት ሃገር ከምዘየላ ይገልጽ። ንዘመናዊ ህላውነታ፡ ክሳዕ ጥንታዊ ንግስነት ኣኽሱም ብምዝርጋሕ፡ ጽውጽዋይ ን3000 ዓመታት ዝሸፈነ ዘይቋርጽ ታሪኽ ኣብ ምፍጣር ከም ዝተዓወተትን ነዚ ጽውጽዋይ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ብመግዛእቲ ዘመሓደረቶም ህዝብታት ከይተረፈ ከም ዘስገደደትን ድማ የብርህ። የግዳስ ዘመናዊት ኢትዮጵያ ኣብ መወዳእታ 1800ታት ብሃጼ ምኒሊክ፡ ኣብ እዋን ምምቕቓል ኣፍሪቃ ክውንቲ ከም ዝኾነት የስምረሉ። እቲ ሓቂ ከምዚ ኮይኑ ከብቕዕ ግና፡ "ነገረ ጽውጽዋይ ጥንታዊ ሃገርነት ኢትዮጵያ፡ ብደረጃ ሃገር፡ ዞባን ዓለምን ኣብ ውሽጢ'ተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ዕቑዳት መበል 20 ክፍለ ዘመን መሳጢ ኮይኑ'ዩ ሓሊፉ፡" ይብል (ገጽ 3)።

ብሪጣንያ ኣብ 1941 ንኢጣልያ ካብ ግዝኣታታ ምስ ኣለየታ፡ እቲ ኣብ ፈለማ ብዛዕባ መጻኢ ፖለቲካ ኤርትራ ዝነበረ ምጥርጣራት ተወጊዱ፡ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኤርትራ ናጽነት ዝድግፉን ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዝደልዩን ኮይኖም እዮም ቀይሞም። ጸሓፊ፡ ነቲ ብወገን ኢትዮጵያውያንን ኣንድነታውያንን፡ ኤርትራ፡ ብታሪኽ፡ ብባህልን ፖለቲካን ዝይትንጸል ኣካል ኢትዮጵያ ነይራ ኢሉ ዝቐርብ ምጉት፡ ብወገን ኤርትራውያን፡ ንቕድመ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ዝነበረ ታሪኻዊ ዝምድና ክልተአን ሃገራት ዝጸግ ወይ ከም ዘይራኹብ ዝርኢ ተጻራሪ ዝኾነ ትረኻ ከም ዝገጠሞ የረድእ። እቲ ጉዳይ ግን ታሪኽ ቅድመ መግዛእቲ ኤርትራ፡ ምስ ኢትዮጵያ ዘራኹብ ነይሩዎዶ ኣይነበሮን ዝብል ከም ዘይኮነ፡ እኳ ደኣ ኣብ መንጎ ክልተኦም ህዝብታት ካብ መፋርቕ 18 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ዝተፈላለየ ደረጃን ብዝሕን ዝነበሮ ርክብ (ብቐረባ ብጠዝሕን ምስ ከበሳታት ኤርትራ፡ ብማእከላይ ዓቐን ምስ ከባቢታት ቦጎስ-ሓባብ፡ ከምኡ ድማ - እንተርፎ ብዘምታን ብወራርን - ዳርጋ ባዶ ርክብ ምስ ምዕራባዊ መታሕት ኤርትራ) ከም ዝነበረ የጽር። ጥምጥም ቀይሕ ባሕሪ ግን ካብ 1557 ጀሚሩ ፈለማ ኣብ ትሕቲ ኢምፓየራጦርያ ዖጦማን (ቱርኪ)፡ ቀጺሉ ድማ ኣብ ትሕቲ ግብጻውያን ከም ዝነበረ ይገልጽ። ብመሰረት እዚ ክዉንነት'ዚ፡ እቲ ቀንዲ ምስ ምቕልቃል ብመንጽሩ'ኳ ደኣ ኣብ ከም ጸዓዘጋ ዝኣመሰሉ ቦታታት ሓያላት ኣብጊዛት ውግእ፡ ባህግታቶም ክዉን ንምግባር ተሳዒሎም ነይሮም እዮም። እቲ ናብ ስግረ መረብ ዝግበር ዝነበረ ግብሪ ከኣ ስሩዕ ኣይነበረን። ስልጣን ናይቶም ኣኽፈልቲ ግብሪ ካብ ወሽጢ ምጽዋዕ ተበጊሳ ንኸበሳን መታሕትን ዝተቐጻጸረትሉ እዋን የተሓሕዞሞ፡ ኢጣልያ ዝተቐጻጸረቶ ቦታ ብብዙሕ ሸነኹ ጥራሑ ዝተረፈ ገጠራትን ንንዙእ ኑብሱ ክከላኸል ተብዓኦ ዘይነበሮ ብድኽነት ዝተጠቕዐ ህዝብን ምንባሩ የስምረሉ። ጸሓፊ ኣቶም ታሪኻውያን




ኤርትራዊ ሃገራውነት ክተሓላለዝ ዘሎዎ ሕቶ'ምበኣር፡ እቶም ኢጣልያ ከም ሓደ ህዝቢ ኣብ ሓደ መግዛእታዊ ግዝኣት ዝጠመረቶም ህዝብታት፡ ኑቶም ዝተጠቕሱ ዓይነታት ርክብ ብኸመይ ይጥምቱዎም ዝብል ምኳኑ የብርሁ። እቶም ርክባት ብኸመይ ንህዝብታት ኤርትራ ከም ዝጸለውዎም፡ ሓደ ሓባራውን ዘይነቓነቕን መንነት ኣብ ምህናጽ ዝበቕዑ ድዮም ወይስ ንኸምዚ ዓይነት ምዕባለ ዝጻረዱ ዝብል ሕቶ ክምለስ ከምዝሎዎ ከኣ የገንዝቡ።

ኣስዒቡ፡ ብኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ዝቶዩዱ መጽናዕትታት፡ ነቶም ክልተ ህዝብታት ዋጋ ዘኽፈሎም ግጭት ምኽንያት ዝኾኑዎ ቀንደኛታት ታሪኻውያን ፍጻመታትን ተለሊዮቲ ጉዳያትን እንታይ ምንባሮም ብዐበት ክርድኡዎም ከም ዘሎዎም የገንዝቡ። ነቲ ኣብተን ቀዳሞት መጻሕፍቲ ዝበሎ ትዕዝብቲ ብምድጋም ድማ፡ እቲ "መሬት ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ነይሩ" እናበለ ኣብ ኣጸሓሕፋ ታሪኽ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝምጉት ዓብላልን ሰር ዝሰደደን ትረኻ ኢትዮጵያን እቲ ኑቶም ናይ ሕጂ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘራኸበ ቀንዲ ታሪኻዊ ፍጻመ ዝጸግ ትረኻ ኤርትራውያንን ግቡእ ፈተሻ ከም ዘድልዮ የዘኻኽር።

ንቦኑታት ቅድመ መግዛእቲ ኤርትራ ብዝምልከት ጸሓፊ ታሪኽ ኣለምሰገድ ከምዚ ይብል፡ ካብ መፋርቕ ዓሰርተ ሸሞንተ ክፍለ ዘመን ክሳዕ መወዳእታ ዓሰርተ ትሽዓተ ክፍለ ዘመን፡ መሬት ኤርትራ ብፖለቲካውን ወተሃደራውን ማእከልነት ናይዚ ዞባ ብፍላይ ድማ ትግራይን ጎንደርን ከምኡ ድማ ቱርክን ግብጽን ዝጸሎ እዩ ነይሩ። ከበሳ ኤርትራ (ሰራዩ፡ ኣከለጉዛይ፡ ሓማሴን) ንነብሱ ብውሽጣዊ ግርጭት ዝሕመሰ ዘይጥሙር ኣቓውማ ዝነበሮ እዩ። እቲ መሬት፡ እንተርፎ እቲ ራስ ኣሉላ ካብ 1877-1889 ዝተቖጻጸሮ ከበሳ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ትግራይ ይኹን ኣምሓራ (ደቡብ ካብ መረብ) ፈጺሙ ተማእኪሉ ተመሓዲሩ ኣይፈልጥን። ኤርትራ ብዝወከሉዎም ሰቦትን ብወራርን ዝትግበር እዩ ነይሩ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን (ካብ መፋርቕ ዓሰርተ ሸሞንተ ክፍለ ዘመን ክሳዕ መወዳእታ ዓሰርተ ትሽዓተ ክፍለ ዘመን) ህዝብታት ናይ ሎሚ ኤርትራ ካብ ትግራይን ኣምሓራን ብዝመጽኡ ኣብጊዛት ውግእ ከም እኒ ሚካኤል ስሑል፡ ደጃዝማች ወብ፡ ደጃዝማች ሰብጋደስ፡ ደጃዝማች ንጉሰን ራእሲ ኣሉላን ብዝመርሑዎ ተኸታታሊ ወራራት ንሓደ ዘመንን ፈረቓን ግዳያት ውግእ፡ ዓመጽ፡ ባርነት፡ ዝምታ ወዘተ. ኮይኖም እዮም። ብተወሳኺ፡ እቲ ብቱርካውያን፡ ደራቡሽ ሱዳንን ግብጽን ኣብ 1830ታት ዝተጉበረ ዘመተ ወራርን ጽልዋኡን ንህዝብታት ምዕራባዊ ሰሜናውን ምብራቓውን ኤርትራ ናብ ተስፋ ምቝራጽ ብምእታው፡ ኣብ መፋርቕ 1860ታት ህዝብታት ከባቢ ከረን ዕቑባ እንግሊዝን ፈረንሳይን ንክሓቱ ደሪኹዎም እዩ። ከምኡ'ውን፡ ኣብ መንጎ 1875ን 1895ን ኣብ መንጎ ሓይልታት ንጉሰ የሃንስ ራብዓይን ግብጻውያንን፡ ማህዳውያንን ኢጣልያውያን ወረርትን ኣብ መሬት ኤርትራ ሸፋሸተ ዓበይቲ ውግኣት ተኻዪዶም እዮም። ብተወሳኺ ምስ ትግራይን ኣምሓራን ብሓደ ወገን ወይ'ውን ምስ ቱርካውያንን ግብጻውያንን ብኻልእ ሸነኽ ወጊኖም ዝተኻየዱ ውሽጣውያን ጎንጽታት፡ ንርግኣት ናይዚ ዞባ ኣብ ምዝራግ ተራኦም ተጻዊቶም እዮም። ንኣብነት ራእሲ ወልደሚካኤል ሰሎሞን፡ ንኸበሳን ገለ ክፋል መታሕትን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሮም ከሕብሩ ዝገበሩዎ ፈተነ፡ ብኽሕደት ራእሲ ኣሉላ ፈሺሉ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ናብ ሞት ዘብጽሖም ምንባሩ ጸሓፊ ይጠቅስ።

እቲ ካልእ ዝጠቐሶ ኣገዳሲ ነጥቢ፡ እቲ ኣብ 1888-92 ኣብ ኤርትራ ዘጋጠመ ብርቱዕ ጥሜት እዩ። ጸሓፊ እቲ ፍጻመ ንዓቢ ቀጽሪ እቲ ህዝቢ ከም ዘጽነተን ንስደት ከም ዘቃልዐን ድሕሪ ምግላጽ ምስቲ ኢጣልያ ካብ ጭብጥታት ብምልዓል ድሕሪ ባይታ ታሪኽ ኤርትራ እንታይ ከም ዝመስል ኣብ ልዕሊ ምርኣዩ፡ ነቲ ጥንታዊ ኢትዮጵያዊት ኤርትራ ክረጋግጽ ዝጽዕር ኢትዮጵያዊ ትረኻ መሰረት ከም ዘይብሉ ኣጉሊሑዎ ኣሎ።

ኣብቲ ንኢጣልያዊ መግዛእቲ ዝምልከት ክፋል ድማ፡ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣልዒሉ ንረኽቦ፡ ኢጣልያውያን ንኸበሳ ኤርትራ ገጾም ደዩቦም ንመላእ ኤርትራ ክቆጻጸሩ ከለው፡ ብዝይካ ካብ ራእሲ ኣሉላ ካልእ ዝጥቀስ ተቓውሞ ከም ዘይገጠሞም፡ እቶም ዝተፈላለዩ ቋንቋታትን እምነታትን ዝነበሩዎም ህዝብታት መጻኢት ኤርትራ፡ ንህይወቶምን ንብረቶምን ንምድሓን ጽላል ሓደ ባዕዳዊ ሓይሊ ደልዮም ከም ዝውሓዙ፡ እቲ ዋሕስ ኢጣልያ ደልዩ ዝተራእየ ዋሕዚ'ቲ ድማ ካብኦም ካብ መረብ ንሰሜን ገጾም ዝነበሩ ግዳያት ጥሜትን ውግእን ዝኾኑ ህዝብታት መጻኢት ኤርትራ'ምበር፡ ካብኦም ካብ መረብ ንደቡብ ዝነበሩ ህዝብታት ትግራይን ኣምሓራን ከም ዘይነበረ የጽር። እዚ ግዱም ዝኾነ ኩርናዕ ጠመተ'ዚ፡ እቶም ሰሜንን ደቡብን መረብ ዝነበሩ ህዝብታት፡ በበይኑ ዝዕለመምን በበይኑ ዝሕልሞምን ጉጅለ ሕብረተሰባት ከም ዝነበሩ ኩልዕ ኣብሉ ዘርኢ መጽር እዩ። ብተወሳኺ፡ ጸሓፊ ምንጪ ብምጥቃስ፡ እቲ ንጉሰ ምኒሊክ ምስ ኢጣልያ ዝገበሩዎ ኣንጻር ንጉሰ የሃንስ ዝዕለመ ስምምዕ'ውን ብምግዳሱ፡ ኢጣልያ ብቐሊሉ ንኤርትራ ክትቆጻጸር ዘኽኣለ ፍጻመ ከም ዝነበረ የስምረሉ።

ብዛዕባ ፖሊሲ ኢጣልያ ኣብ ምሕደራ መሬት ክዛረብ ከሎ ጸሓፊ ታሪኽ ኣለምሰገድ፡ ኢጣልያ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ምህጋር መሬት ደቀባት፡ ብኸሉ ሸነኻት ኤርትራ ተቓውሞ ከም ዝገጠሞን እዚ ድማ ነቲ ኣብ ዳሕረዋይ እዋን ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተራእየ ተቓውሞ ኣንጻር መግዛእቲ ሓባሪ ምልክት ከም ዝነበረን የጽር። ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ሊብያ፡ ሶማልያን ኢትዮጵያን ንኽዋግኡላ ብማለት ኤርትራውያን ዓስከር ንምምልማልን ንምኽታብን ዝወሰደቶ ስጉምቲ፡ ሕላገት መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ምንባሩ የረድእ። ኢጣልያ፡ ኑቶም ኤርትራውያን ዓስከር፡ ኣብቲ ሕፍረት ዝተጉልበበትሉ ውግእ ዓድዋ 1896 ከም ዘሰተፈቶምን እቲ ውግእ ብዓወት ሰራዊት ሃጼ ምኒሊክ ከም ዝተዛዘመን ይገልጽ'ሞ፡ ሃጼ ምኒሊክ፡ ኑቶም ዝተማረኹ ኢጣልያውያን ከም መዋጽኡ ትሕዝቶ ክሕዙዎም ከለው፡ ኑቶም ኤርትራውያን ዓስከር ኢጣልያ ግን የማናይ ኢዶምን ጸጋማይ እግሮምን ከም ዝቖረጹዎም ይትርኽ።

ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፡ ሓደ ክርሳዕ ዘይብሉ ነጥቢ ከልዕል። መብዛሕትኦም ጸሓፍቲ ታሪኽ ኢትዮጵያውያን፡ ነዚ ጨካን ተግባር ሃጼ ምኒሊክ፡ ሓይው ኣብቲ ሓድሽ ኢትዮጵያዊ ወለዶ ክሓብኡዎ ብምድላይ፡ ሓይው ታሪኽ ኢትዮጵያ፡ ታሪኽ ግፍዒ'ውን ከም ዝኾነ ክምስክሩ ካብ ዘይምድላይ፡ ኣብ ጽሑፋቶም ይገሰዩዎ'የም። ክንዲ ዝኾነ፡ ኤርትራውያን ጸሓፍቲ ታሪኽ ነዚ ታሪኻዊ ክስተት'ዚ፡ ኣብ ጽሑፋቶም ክዘንግዑዎ የብሎምን። ነዚ ካብ ዝኸሪ ታሪኽ ክዝሰስ ዝድለ ክስተት'ዚ፡ ከም ህቡብ ጸሓፊ ታሪኽ ተኽለጻድቕ መኩሪያ (የኢትዮጵያ ታሪክ - ከዐፄ ቴዎድሮስ እስከ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ - 1961 ግእዝ) ከምኡ'ውን ጳውሎስ ኞኞ (አጤ ምኒልክ - 1984 ግእዝ) ዝኣመሰሉ ውሑዳት ኢትዮጵያውያን ሰሪዶም ይርከቡ'የም። ተኽለጻድቕ መኩሪያ (የኢትዮጵያ ታሪክ - ከዐፄ ቴዎድሮስ እስከ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ - 1961 ግእዝ) ነቲ ታሪኻዊ ፍጻመ ስእላዊ ብዝመስል መልክዕ ምስክርነቶም ሂቦሙሉ ንረኽቦም፦

"... ብቐጸበት ብዛዕባ'ቶም ምሩኻት ፍርዲ ተጀመረ፡ ቀጺሉ፡ ኑቶም ኣብ ዘበናም ዝተማረኹ ኢጣልያውያንን ኣዕራብን ይቕረ ኢሎም መግብን ማስተን ድሕሪ ምእዛዙ ኑቶም ነዶኦም ኢትዮጵያ ዝወግኡ ወተሃደራት ኤርትራ ግን ብመሰረት እቲ ሕጊ፡ ባርኖት ጳጳስ ኣቡነ ማቴዎስ ከይተረፈ ረኺቦም፡ ኣእጋሮምን ኣእዳዎምን እናቖረጹ ቀጽዑዎም፡" (ገጽ 97-98)። ከም ጆንሰን ሞንሮን (A History of Ethiopia - 1965)፡ ክሪስ ፕሮውቲን (Empress Taytu and Menilek II - 1986) ካልኦት ወጻእተኛታት ጸሓፍትን'ውን ነቲ ሃጼ ምኒሊክ ዝገበሩዎ ግፍዒ ኣብ መመጻሕፍቶም ሰኒዶሞ ኣለው። እቲ ዘገርም ነገር፡ ሃጼ ምኒሊክ ስለ ምንታይ ኣብ ልዕሊ'ዞም ግዳያት ግፍዒ ፈጺሞም ንዝብል ሕቶ ከም ተኽለጻድቕ ዝኣመሰሉ ገለ ጸሓፍቲ ታሪኽ፡ ሃገራዊ ክሕደት ስለ ዝፈጸሙ ዝብል ምኽኒት ብምፍጣር ንተግባር ምኒሊክ ምኽኑይ ክገብሩዎ ምፍታኖም'ዩ። ክሪስ ፕሮውቲ (ከማኡ) እቶም ኤርትራውያን ዜጋታት ናይታ ኢጣልያዊት ግዝኣት [ኤርትራ] ደኣ'ምበር ወተሃደራት ኢትዮጵያ ስለ ዘይነበሩ፡ ምስ ክሕደት ዘተኣሳስር ከም ዘይነበሮ'ያ ትገልጽ። ንሱ ድማ'ዩ ነይሩ እቲ ሓቂ።

**ይቕጽል**

# ማህደር ጀጋኑ

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

መበል 27 ክፋል

ክሳብ ሕጂ፡ ኣብዚ ብተኸታታሊ ክቐርቡ ዝጸንሑ ዓንቀጻት ታሪኽ፡ ኣብ ቅድመ ግንባር ዝፍጸሙ ብዙሓት ተጋደልቲ ወተሃደራዊ ፍጻመታት ዘተኩሩ እዮም። ንኽፍልታት ውድብ (ደጀን) ኣመልኪቱ ዝተባህለ ግን ዳርጋ የለን። እንተኾነ፡ ንሓደ ከምዚ ናይ ኤርትራ ቃልሲ ዝመሰለ ሰውራ ዝካየደሉ፡ ብዙይ ድልዱል ደጀን፡ ብዙይ ቀረብን ኣገልግሎታትን፡ እቲ ክካየዶ ዝኽእል ውግእ ወይ ኩናት ሰረት ኣልቦ ስለ ዝኸውን፡ ክምዝዝዕብ ዝኽእል ዓወታት ሰልታዊ ካብ ምኻን ኣይሓልፍን'ዩ። ከምኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መወዳእታ'ውን ክሰርር ዘለዎ ተኽእሎ ሓደገ'ዩ። ከም ሓንቲ ገረብ ብዙይ ሱርን ጉንድን ህይወት ዝዘርኣት ቆጽሊ ዘይርከብ ክምስል ይኽእል። ምኽንያቱ "ርእሲ" ብዘይ'ቶም ካልኦት ኣካላዊ ስርዓታት ህይወት የብላን።

ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ግን ደልዳሊ ክረምጽ ዝበረ ጸኑዕ ደጀን ነይሩዎ። ታዕሊም፡ ስለያ፡ ሃንደሳ፡ ኣጸዋር፡ ስንቂ፡ መጓዓዝያ፡ ሕክምና፡ ህንጻ፡ ዜና፡ ሓለዋ ሰውራ፡ ክፍሊ ህዝቢ … ዝበሃሉ፡ ከም ህዋሳት ክምስላ ዝኽእላ ትካላት ደጀን ነይረንኦ። እዚኦተን ኩላተን፡ ንወራር ቀይሕ ኮኾብ ኣብ ምፍሻሉ፡ ኻተን ዕማም ወሲደን ብዘቕዓት ገጢመንኦ እየን።

ጸላኢ ሻድሻይ ወራር ንምጅማሩ ክልተ ዓመት መመላእታ ምቅርራብ ከም ዝበረ ዝፍለጥ'ዩ። ማዕረማዕረኡ፡ ውድብ ህዝባዊ ግንባር'ውን ህላወኡ ንምውሓስን ኑቲ ወራር ንምፍሻልን ብዓቕሙ ኣድላዪ ምቅርራብ ገይሩ'ዩ። ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ፡ ምስ'ቲ ንሰውራ ኤርትራ ዘጋጠመ ወግእ ሕድሕድ ደርብ ብደሆ'ኳ እንተነበረ፡ ግን፡ ነፍሲ-ወከፍ ትካል ደጀን ናይቲ ውድብ ዘዘምልከታ ዕማም ኣብ ምጽፋፍ፡ ካብ ሜዳ ክሳብ ጸላኢ ዝቆጻጸሮ ከብቢታት ውሽጢ ሃገርን ወጻኢ ሃገርን ብልዑል ተንቀሳቒሰንትሉ እየ። ካብ ምቅርራብ ክሳብ ኑቲ ወራር ገጢምካ ኣብ ምስዓሩ ብነፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ዝተኻየደ ገድሊ ብዝምዝኣ እንተ ተዘርዚሩ፡ ኣዝዩ ሰፊሕ ታሪኽ'ዩ። ወላ'ኳ ዝርዝራዊ ታሪኽ ኣብዚ ምቕራብ ዝኽብድ እንተኾነ፡ ናብ ዕምቆት ከይኣተና፡ ኣብ ቅድመ ግንባር ዝበረ ክፍሊ ሕክምናታት ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ወራር ቀይሕ ኮኾብ ካብ ዝፈጸሞ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ብንኣሽ መጠን እንሆ፤

ማእከላይ ሕክምና፡ ካብ ቅድሚ ምጅማር ሻድሻይ ወራር፡ ቀሊል ዘይብሃል ምቅርራባት ከካይድ ጸኒሑ እዩ። ጸላኢ፡ ቀመማዊ ኩናት ክጥቀም ተኽእሎ ከም ዘሎዎ ምስ ተገመተ፡ ኑቶም ኣለዉ ዝበሃሉ ሰብቀመማት ኩናት ኣጸኒዖካ ጸረ ናታቶም መከላኸሊ ክዳሎ ግዴታ ነበረ። ዚ ከተጸንዕ ዝተመዘዘት ጉጅለ ብቕንዱ ካብኦም ዓቢይቲ ሓካይም ሰውራ ነይሮም። ከም ውጽኢት መጽናዕቲ ናይታ ጉጅለ ኸኣ፡ ኣድለይቲ መከላኸሊ መድሃኒታትን ሳምፕል (መርኣዪ) ማሽኒታትን ተቐሪቦም። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓውደ-ውግእ እናተንቀሳቐሰት መርዚም ቀመማት ዝምርምራ መሳርሒታት'ውን ካብ ወጻኢ ናብ ሜዳ ኣእትያ። እተን ብኩልበት ሰብ ዝለዓላ ማሽናት፡ እንታይ ዓይነት ቀመማዊ ኩናት ከም ዝተደርበየ መለለዩ kits (መሳርሒ ኣቕሑ) ኣብ ሰለስቲኡ ግንባራትን ደጀንን ተዓጢቐን።

ማእከላይ ሕክምናን ሕክምና ግንባራትን ክጸውዒ ዝተጠቐሰ ስራሓት ሓሊፈን፡ ሰራዊት ሰብኣእምሮኣዊ ምቅርራብ ንኽገብር ኣብ ምትብባዕ ልዑል እጃም ነይሩወን። እተን ናይ ግንባራት፡ ካብ ማእከላይ ሕክምና ናብ ሰራዊት ሓበሬታ ኣብ ምስግጋር፡ ንስዋኣት ኣብ ምንባብን ውጉኣት ስሉጥ ኣገልግሎት ንክረኽቡ እንታይ ዓይነት ምቅርራባት ከም ዘድሊ ሓሳብ ኣብ ምልውዋጥን ሓጺርን ስሉጥን መስመራት ከም ዝምስረት ገይረን።

ሕክምና ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ኣብ ሓለብት፥ ሕክምና ግንባር ናቕፋ ኣብ ጣብራ (ናቕፋ)፥ ናይ ግንባር ባርካ ደማ ኣብ ዛራ ተደኲነን ነይረን። ዘን ሰለስተ ናይ ግንባራት ሕክምና ትቕብልን ምስ ሕክምና ዓራርብ እተራኽበ ማእከል ደማ ኣብ ዓምበርበብ ነይሩ።

ኣብ ሕክምና ግንባራት ውጉኣት ዘደቅሰሉ ናይ ትሕቲ መሬት ኣዳራሻት ህድሞ ምስራሕ፡ ኣካል ናይቶም ዓበይቲ ምቅርራባት ነይሮም። እቲ ትጸቢት ዝነበረ ወራር ጸላኢ ምስ ተወለዐ ውጉኣት ቅልጡፍን ኣድላዪ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ምእንቲ ክረኽቡ፡ ኣብ ግንባራት ተወሰኽቲ ኣሃዱታት መጥባሕቲ ሕክምና ክህልወን ወሲነን። ኑቶም ግዜ ዘይህብ መቐሰልቲ ዘጋጠሞምን ቀዳምነት ዝወሃቦምን ውጹዓት ኣለሊኻ ካብ ሓይሊ-ብጦሎኒ ብህጹጽ ናብ ግንባር ናይ ምብጻሕ ኣገባብ ንምጽፋፍ ልዑል ምንቅስቓስ ተገይሩ። ኣብ ሓብራዊ መረዳእታ ንምብጻሕ፡ ሕክምና ብጦሎኒታታት ምስ ብርጌዳትን ግንባራትን ቀጻሊ ኣኼባታት ይካየድ ነይሩ።

ብፍላይ ድሕሪ ምውዳእ ውግእ ሕድሕድ፡ እቲ ዝተኻየደ ቅድመ ምድላው ጸዑቕ ነይሩ። ስትሪንጋታት መውግኢ ጸረ-ቀመማዊ ኩናት ኣትሮፒን ኣብ ሰራዊት ናይ ምክፍፋሉን ኣወጋግኣ መርፍእ ገዛእ ርእሰኻን ኣስተምህሮታት ይወሃብ ነይሩ። ንስዋኣት ንስነ-ኣእምሮኣዊ ምቅርራባት'ውን ማዕረማዕረኡ ስለ ዝኸይድ፡ ቀሊል ዘይኮነ ስራሕ ተኻይዱ።

ኣጋር ሓካይም ብጦሎኒታት'ውን ኑቲ ካብ ግንባር ዝቐሰሙዎ ትምህርቲ ተቐቢሎም ንጋንታታት ይገሰግሱን ይምህሩን ነይሮም። ማሽኒታት መከላኸሊ ቀመማዊ ጋዝ ከመይ ከም ዝሰራሕ ምሂሮምን ብዮጉባሪ ኣርእዮምን። ኣብ ጋንታ ክልተ ባሬላ ክዕጠቕ'ኳ እንተ ጸኒሑ፡ ምስ ምንዋሕን ጸንካረን ናይቲ ወራር ክውሕድ ስለ ዝኽእል፡ ብኣኻይሸን ሓራቅም (ወርወር ዕንጨይቲ) ብምቕራጽን ስራሑም ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ማሰርዕ ክልተ ባሬላ ከም ዝዕጠቕ ተገይሩ።

እተን ካብ ደምባቤት ክሳብ ጭና ንኣስታት 700 ኪሎ ሜትር ኣብ ዝዘርጋሕ ግንባራት ኣገልግሎት ክህባ ተባሂለን ዝተደኮና ሰለስተ ሕክምና ግንባራት፡ ኑቲ ክመጽእ ዝኽእል ጸዕቂ መውጋእቲ ኣድማዒ ኣገልግሎት ክህባ ዓቕሚ ሰብ ክሓጽረን ከም ዝኽእል'ውን ግሙታት ነይሩ። ዚ ንምፍታሕ፡ ምእንቲ ውጉኣት ብዙይ ምድንጓይ ረዲኤት ክረኽቡን መጠን መሰዋእቲ ንምንካይን፡ ኣብ ቦታ ዓውደ-ውግእ ዝወናጨፉ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ኣሃዱታት ከም ዝዋፈራ ተዳልየን። እዚኦተን ኣብ ልዕሊ'ተን ናይ ግንባራት ሕክምና፡ ህጹጽ ረዲኤት ዝህባ ተወሰኽቲ ኮይነን፡ ወራር ምስ ጀመረ ዝሰርሓሉ ማእከላይ ቦታታት ተጸንዑ ተሓጸየለን ነይሩ።

እቲ ዝነበረ መጽናዕትታት፡ ሓለፍቲ ሕክምና ግንባራትን ቤት ጽሕፈታት እዚ ግንባራትን ብምርድዳእ ይካየድ ነይሩ። ኣሃዱታት መጥባሕቲ ግንባር ናቕፋ፡ ናብ ዓንቀር ጸለም፡ ናብ መንደዓትን የማናይ ክንፊ ናይቲ ግንባርን ክወፍራ ምቅርራብ ተገይሩ። ኣብ ግንባር ባርካ'ውን እቲ ውግእ ምስ ጀመረ፡ ኣሃዱታት መጥባሕቲ ኣብ ከባቢታት ባናን ምታቴትን ደኲነን ነይረን።

መራሕነት ውድብ፡ ኑቲ ወራር ብዘቕዓት ንምምካቱ ንሰራዊቱን ክፍልታቱን ኣድላዪ መምርሒታት መጠንቀቕታን የመሓላልፍ ነይሩ። ንኣብነት፡ ገለ ካብ ሰራዊት ወያነ ንምትሕግጋዝ ናብ ሳሕል ምስ ኣተው፡ ምስ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብፍጹው ኣይተጸንበሩን። ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ግንባር ናቕፋ፡ ጉዳይ ጥዕና ናይቲ ኣብቲ ግንባር ዝኣተወ ሰራዊት ወያነ ክፍተሽ ናብ ሓላፊ ሕክምና ግንባር ናቕፋ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ። ሕክምና ግንባር ደማ ህጹጽ ተፍትሽ ኣካይዱ። ኣብ ግዜ ተፍትሽ ከኣ፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ወያነ ኣብ ዝሓዝዎ ደፋዕ ብሕማም ኣንቅጺ ረገፎም ጸኒሖም። ድሕሪ'ዚ፡ ኩላቶም ኣብቲ ግንባር ዝበሩ ሰራዊት ወያነ ካብ ደፋዕ ንድሕሪት ተሳሒቦም ከም ዝሕከሙን መከላኸሊ ከም ዝወስዱን ተገይሩ። ገዚፍ ወራር ክትብድህ ኣብ ምቅርራብ ከለኻ ከምዚ ዝበለ ተላባዕን ቀዛፍን ሕማም ኣብ ሰራዊት ክርአ ኣዝዩ ዘሻንብድ ክስተት'ዩ ዝበረ።

ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ውግእ ኣብ 12 ለካቲት እዩ ጀሚሩ። እዚ ኣብ ድሮ ዕለት ምጅማር ሻድሻይ ወራር ዝጀመረ ውግእ፡ ብዘየዎሶ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ዝተኻፈሎ መጥቃዕቲ እዩ። ኣብዚ ውግእ'ዚ ልዕሊ ትጸቢት ሕክምና ግንባር (ሓለብት) ኣስታት 500 ውጉኣት ተቐቢሉ። ምኽንያቱ፡ ንጸላኢ ኣብ እተጥቅዓሉ ግዜ፡ ካብ መከላኸሊ ደፋዕ ወጺእካ ንጉዓም ስለ ትቃለስ፡ መውጋእቲ ክበዝሕ ግድን'ዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣባላት ሕክምና፡ ገና ሻድሻይ ወራር ከይጀመረ ኣብ ከቢድ ስራሕ'ዮም ተጸሚዶም። ኣቐድም ኣቢሎም፡ ልዕሊ ሓደ ርብዒ ካብ ኣባላቶም ናብ ግንባር ስለ ዝኸተቱ፡ በቶም 30 ኣባላት ሕክምና ኣብቲ ዝጀማመር ዝበረ ወራር ከመይ ክሰርሑ ከም ዘለዎም ዝፍትንን ተመኩሮ ዝቐሰሙሉ ኣጋጣሚን ኮኑ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ከምዚ ግዜ ወላ'ቶም ውጉኣት በብዓቕሞም ስለ ዝተሓጋገዙ - ክሳብ ኣብ ናይ ድረሲን (ምሕካም) ስራሕ - ስለ ዝዋሰኡ ኑቲ ኣብ ሕክምና ዘጋጥም ጸቕጢ የፍኩሱዎ ነይሮም'ዮም።



ግዚያዊ መጥባሕቲ ኣሃዱ

ከምቲ ኣብ ዓንቀጽ መበል 11 ክፋል ዝተገልጸ፡ ኣብዚ ግንባር'ዚ እውን፡ ብዘይካ'ቲ ሕክምና ግንባር (ሓለብት) ክልተ መጥባሕቲ ኣሃዱታት ኣብ ቅድሚት ወፊረን ነይረን። እቲ ውግእ ምስ ጀመረ፡ ኣብ ከባቢ ጫህትቀታን ቀብርወኣትን ክልተ ሕክምና መጥባሕቲ ኣሃዱታት ነይረን። ኣብ ግንባር ባርካ'ውን ኣብ ጎቦ ባናን ምታቴትን ደኲነን ነይረን። ግን፡ መብረቕ እዝ ጸላኢ ቀልጢፉ ተደምሲሱ ንኪጋሱ ስለ ዝተቐጽየ፡ ኣብ ሕክምና ግንባር ጸቕጢ ዝፈጥር መቐሰልቲ ኣይተራእየን።

ወራር ምስ ጀመረ፡ ካብ ኩሉ ግንባራት ብዙሒ ውጉኣት ናብ ሕክምና ዓምበርበብ ክውሕዙ ኣይደንጎዩን። ብ15 ለካቲት ምሸት፡ እቲ ሕክምና ብውጉኣት ኣዕለቕሊቑ። ዓይነት መውጋእቲ፡ ካብ ግዜ ምዝላቕ ንድሓር ተቐይሩ እዩ። ምስ ምትእትታውን ሓገዝ ኣጸዋር ሕብረት ሶቬት ንስርዓት ደርግን፡ መቐሰልቲ ተጋደልቲ፡ ካብ ናይ ጥይት ማህረምቲ ምኻን ሓሊፉ ዓይነታት መውጋእቲ በዚሑን ከቢዱን። ጸላኢ፡ ሰፊሕ ቦታ ዝሸፍኑ ተፈንጀርቲ ቦምባታትን ነተጉትን ስለ ዝዓጠቐ፡ ብኡ መጠን እቶም መውጋእቲ ዘጋጥሞም ተጋደልቲ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣካላቶም ከቢድን ፈኲስን ማህረምቲ የጋጥሞም ነይሩ። ብኸምዚ ምኽንያት፡ እቶም ናብ ሕክምና ዓምበርበብ ዝኣተዉ ቀሳሎት'ውን ናይ ርእሰን ካልእን ዝተፈላለየ ዓይነት ማህረምቲ ዘለዎም ነይሮም።

ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ጸላኢ ብኸቢ መንደዓት ሓደሽ ግንባር'ዩ ከፊቱ። በቲ ከይተታሕዘ ዝጸንሐ ከባቢ ስለ'ኹ ኣብ ሓደኛ መስመር ጽርግያ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ስለ ዝተጸግዐ፡ ዳርጋ ኩሉ ኣብ ዓምበርበብ ዝበረ ክፍልታት ውድብ ከቲቱ ነይሩ። ዝበዝሑ ኣባላት ሕክምና ዓምበርበብ'ውን ከም ካልኦት ኣሃዱታት ኣባላታ ናብ ቅድመ-ግንባር ከተቱ። ስለ'ዚ፡ ካብ ምጅማር ናይ'ቲ ወራር ኣትሒዙ፡ ኣብቲ ሕክምና ብሰንኪ ሕጽረት ዓቕሚ ሰብ ጸቕጢ ተፈጢሩ። ግን፡ እቲ ስራሕ ደው ኣይበለን። ሓኪም፡ ነርስ፡ ሄልዝ ኣፊሰር ይኹን ካልእ ኣባል፡ ናተይ ናትካ ከይበለ ኣብ ኩሉ ስራሕ እናተዋሰአ ተዓጻጻፊ ስራሕ ኣካይዱ። ውጉኣት ምስ በዝሑ፡ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ-መጥባሕቲ ክልተ ዓራት (ክልተ ወጹዓት) ኣእቲዮም ብኣርባዕተ ሓካይም ክሰርሑ ጀሚሮም። ህጹጽ ረዲኤት ዘድልዮም ውጉኣት ካብ ኩሉ ግንባራት ኣብ ርእሲ-ርእሲ ናብቲ ሕክምና ምእታው ምስ ቀጸሉ'ውን፡ ሓካይም መጥባሕቲ፡ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ሰለስተ ዓራት ከኣንግዱ ጀሚሮም። ኣብ ልዕሊ ተረኛ ኩርን ድረሲንን (ምሕካም ኣቕሳል) ከቢድ ናይ ስራሕ ጸቕጢ ተፈጢሩ። መብዛሕቲ ውጉኣት'ውን ኣብ እንግድዓ'ቶም ካብ ምኽታት ዝተረፉ ሓደት ሓካይም ተጠቕሊሉ።

ብፍላይ ኣብቲ መጀመርታ፡ ብሰንኪ ደብዳብ ነፈርቲ ካብ ቀንዲ ቦታኻ ዘበልካ ምውዓል ነይሩዎ። መዓልቲ ኣብ ምድላው፥ ለይቲ ካብ ብርሃን ሓዊ፡ ቀትሪ ካብ ትካን ምንቅስቓስካ ተኣጊድካ ምውዓልን ቀጻጸር ምኽያድን ንባዕሉ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት'ዩ ነይሩ። ዚ ዝተዓዘቡ ኣባላት መራሕነት፡ እቲ ካብ ቀንዲ ቦታኻ ዘበልካ ምውዓል ተሪፉ፥ ተጋደልቲ ኣብ ዘለውዎ ኮይኖም ብጥንቃቐ ክሰርሑን ካብ ጸቕጢ ዝፈጥር ኣተሓሳስባ ክናገፉን መረዳእታ ሂቦም።

ካልእ ዓቢ ሽግር ኮይኑ ዝበረ ምልጋስ ደም እዩ። ከም ልምዲ፡ ኣብቲ ሕክምና ደም ዝልግሱ ኣባላት ሕክምና ጥራይ'ምበር ካብኦም ድሓን ዝኾኑ ውጉኣት ደም ወሲድካ ንውጹዓት ምሃብ ኣይተዘውተረን። ስለ'ዚ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል እንተ ነውሓ ኣብ ወርሒ ሓንቲ ግዜ ደም ይህብ ነይሩ። ካብኡ ናብኡ ድማ ኣብኦም AB+ ዓይነት ደም ዝበርዎ፡ ጸገም ነይሩ። ከምዚ ዓይነት ደም ዘለዎ ወጹዑ ካብ ካልእ ዓይነታት ደም ስለ ዝቕበል፡ እሞ ከምዚ ዓይነት ደም ዝበርዎ ኣባላት ሕክምና ድማ ክልተ ወይ ሰለስተ ጥራይ ስለ ዝበሩ፡ እዞም ውሱናት ኣባላት ተደጋጋሚ ግዜ ንውጹዓት ደም ክልግሱ ግድን ነይሩ። እቶም ኣባላት፡ ዘለዎም ድኻምን ሃልክን ብዘየገድስ፡ ህይወት ብጾቶም ክድሕኑ፡ ሓደ ሰብ እንተነውሐ ኣብ ውሽጢ ክልተ ቕነ ሓንሳብ ደም ይልግስ ነይሩ።

ኩነታት ክንዲ ዝጸንከረ ደጻንክር ትምህርትን ስልጠናን ሕክምና'ውን ደው ይብል ኣይነበረን። ከም ኩላቶም ኣካላት ውድብ፡ ካብ ምቅርራብ ንሻድሻይ ወራርን ቅድሚኡን ጀሚሩ ሞያውን ኣካዳምያውን ትምህርቲ ይህብ ነይሩ። ኩነታት ጥዕና ተጋደልቲ'ውን ይፍተሽ። ኣብ ገለ መድረኻት ናይቲ ዝካየድ ዝበረ መሪር ኩናት፡ ተጋዳላይ ካብ ሽዱሽተ ዘይልዕል ሄሞግሎቢን ሐዙ እዩ ዝዋጋእ ነይሩ። ከምቲ ንብር 12 ክሳብ 13 ክኸውን ዝግብኦ ብሰንኪ ሕጽረት መኣዛ ዘለዎ መግቢን ካብ መጠን ንላዕሊ ብዝሰዓበ ሃልክን ዝተኸሰተ ምኻኑ ብሓካይም ተረጋጊጹ። ዚ ጸገም'ዚ ዘመሓየሹ ስጉምታት'ውን ተወሲዶም።



ጨ/መጽናዕትን ምርምርን
ቤ/ጽ ሓ/ጠቕላሊ ስታፍ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ጉብረሚካኤል ባይሩን ተኸሰስቲ ወረስቲ ነ/ሄር ካሕሱ ፍስሃየ 1. ኣቤል ካሕሱ 2. ሄለን ካሕሱ 3. ቢንያም ካሕሱ 4. ፍትሒ ካሕሱ 5. ሰለማዊት ካሕሱ 6. ወ/ሮ ብርኽቲ ፍስሃየን ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርስን ምርካብ ሰነዳትን ዝምልከት ክርክር፡ ተኸሳሲ ቁ/1 ኣቶ ኣቤል ካሕሱ ፍስሃየ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን09/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ብፍ/በ/መሰል ወረ/ነፍ ኣብርሃት ጉብረእግዚኣብሄር፡ ፍረወይኒ ክፍለማርያም ተሰፋማርያም፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሃብተ ክፍለማርያም ተሰፋማርያም፡ ሃይለ ክፍለማርያም ተሰፋማርያም፡ ነፍ/ሄር ምሕረት ክፍለማርያም ተሰፋማርያም፡ሸዋይነሽ ክፍለማርያም ተሰፋማርያም፡ ንግስቲ ክፍለማርያም ተሰፋማርያም፡ ኣንጻርኩም ናይ ፈጸሚ መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/06/29 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊትን ወረ/ነፍ ጸጌሬዳ መንገሻ ወ/ሮ ኣዜብ ደቦሳይ ዑቕባዝጊ +4ን ዘከራኽር ዘሎ፡ ኣብ ይግባይ ሰሚዒ ቤ/ፍ ዞባ ማእከል ብይግባይ ደረጃ ይረአ ስለዘሎ፡ 4ይ መልሲ ወሃቢ ኣቶ ኤልያስ ዑቕባዝጊ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብመንገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን16/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

በረኸት ክፍለ ሽመ፡ ኣቡሓጎይ ኣስገዶም ካሕሳይ ስለዝዓረፈ፡ 1. ሓረጉ ኣስገዶም 2. ዑቕባ ኣስገዶም ተተካእቲ 2 ደቃ 3. ነ/ሄረት መድህን ኣስገዶም ተተካእቲ ደቃ 6 ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጉዑ ሃይሉ ተኽለ፡ ኣሞይ ሸዋይነሽ ጉብረኪዳን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ቢሻ፡ ኣብ ዕደናዊ ስርሓት ዝሰጥፍ ትካል ኮይኑ፡ ንሰራሕተኛታቱ ዝቐርብ ጸፋፍ፡ ጥዕንኡ ዝተረጋገጸን ቀዳማይ ደረጃን ዝኾነ ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ክቐርቡ ንዝኽእሉ ግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም ስለዘሎ፡ ብመንገዲ ሚኒስትሪኹም ክተቃልሑልና ብትሕትና ንሓትት፡፡ ናይ ኮንትራት ግዜ ንሓደ ዓመት ኮይኑ፡ ቀረብ ዝሕተተሉ ኣብ ሰሙን ሰለስተ መዓልታት ወይውን ከም ኣድላይነቱ ክውሰኽን ክጎድልን ይኽእል፡፡ ትካልና ከም ዓይነቱ መቓቐሊ ኮሚርት'ውን ይኽእል እዩ፡፡

ተጫረትቲ ንዝሕተት ቀረብ ብበቐዓቱን ብዝሑን ዝተኣማምንን ብዘይ ጎደሎን ቀዳማይ ደረጃ ከቕርቡ ምዃኖም ፈሊጦም ክቕርቡ ይድለ፡ ብተወሳኺ፡ ዚ ዝስዕብ ከማልኡ የድሊ፦

*ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋታት ቅቡልን ኑቲ ንብረት ዝገልጽን ኮይኑ፡ ንመዐወቲ ጨረታ ክሕግዝ ተባሂሉ ክኸውን የብሉን፡፡

* ኣብ ግዜ ምጽዓን፡ ኣተዓሻሽጋን (PACKING) ኣቀማምጣን ፍርያት ልዑል ቆላሕታ ዝሀቡን ብጥንቃቐ ምሉእ ሓላፍነት ዝወስዱን ክኾኑ ይግባእ፡፡ ልዕሊ ኹሉ ጥዕና ናይቲ ቀረብ ውሑስን ዝተኣማምንን ክኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡፡

*ተጫረትቲ ሕጋውን ዝተሓደሰን ቅዱሕ ናይ ንግዲ ፍቓዶም ኣተሓሒዞም ክቐርቡ ይግደዱ፡፡

*ተጫረትቲ ናይ ግብርን ካልእ ሕጋዊ ግዴታትኦምን ዞማልኡ ክኾኑ ኣለዎም፡፡

*ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ክጸንሕ እዩ፡፡ ጨረታ፡ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ዕደና ቢሻ ይኽፈት፡፡

*ተዓዋቲ ምዕዋቱ ምስ ተረጋገጸ 100,000 (ሚእቲ ሽሕ) ውሕስና (CPO) ኣብ ውሽጢ 3 መዓልታት ክትሕዝ ይግደድ፡፡

*ናይ መጫረቲ ወረቓትን ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰር ዝርዝር ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ዕደና ቢሻ ኣስመራ ጎደና ማርያም ግምቢ ቁ/61 ፊት ሰላም ሆቴል እናመጻእኩም ክትወስዱ ወይ ብ124941 ብምድዋል ንክፍሊ ዕድጊ ክትወከሱ ትኽእሉ፡፡

*ተጫረትቲ ዘድሊ ዋጋታቶም መሊኦም ኣብ ሰታሪት ብምዕሻግ ኣብ እዋን ሰዓታት ስራሕ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቢሻ ዝርከብ ሳንዱቕ ናይ ጨረታ ከተእትውዎ ትኽእሉ፡፡ ኣብ ልዕሊ ሰታሪት "ናይ ኣሕምልትን ፍረታትን ጨረታ" ኢልኩም ምምልካት ኣይትረስዑ፡፡

*ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ ከምዝይግደድን ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ክሰርዞ መሰሉ ሕሉው ምዃኑን ኣቐዲምና ክንሕብር ንፈቱ፡፡

ቤ/ጽ/ሰንቅን ሎጂስቲክስን
ት/ዕ/ቢሻ—ኣስመራ

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል በዘን ፊርኒቸር ሓ/ዝ/ብ/ማን ብፍ/በዕዳ ኣስመራ ሕጡብ ፋብሪካ ሓ/ዝ/ብ/ማን ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብዕለት 06/06/2024 ብቁ/መዝ 206/24 ኣብ ዝሃቦ ናይ ፈጸሚ ትእዛዝ ንብረት ብፍ/ብ/ዕ ዝኾነ ፋብሪካ ተኸቢሩን ተሓሪዱን መኽፈሊ ዕዳ ይኹን ክብል ስለዝኣዘዘ፡ ኑቲ ኣብ ፋብሪካ ዝተረኽበ ንብረት ሓራጅ ንምሻጥ ብክኢላ ብማጠሊ ሓራጅ ዋጋ ናቕፋ 8,793.550 (ሸሞንተ ሚልዮንን ሸውዓተ ሚእትን ቴስዓን ሰለስተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሓምሳን ናቕፋ) ተገሚቱ፡፡

ዝርዝር ንብረት

ሀ/ናይ ሕጡብ መፍረዪ ማሽናት ————4,593.750 ናቕፋ
ለ/ ተሽከርከርቲ —— ————1,619.500 ናቕፋ
ሐ/ መጻጊ መሳርሒታት ————1,293.900 ናቕፋ
መ/ጀነሬተራት (ሞተሪኖ) ————86,400 ናቕፋ
ሰ/ራታመ ሓጺውን ————1,200.000 ናቕፋ
ጠቕላላ ድምር ————8,793.550 ናቕፋ

ስለዚ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፣ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ቡክ ወይ ድማ ብስም ፈ/ፍርዲ ሲ.ፒ.ኦ (CPO) ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡ ተወዳደርቲ፡ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ፡፡ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/67 ይወከስ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡

ዕለት ሓራጅ፦ 14/07/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ፍርዲ
ኣስመራ ቁ/27

ቤ/ጽ/ዋ/ፈፍርዲ

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ኣየር ኮንዲሽንን ፍሪጅን
ኣሃዱ ማእከላይ ቤ/ጽ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ጽገና
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና ንዓመት 2026 ዓ/ም ካብ 01/05/2026 ክሳብ 31/12/2026 ዓ/ም ኣብ ዞባና ማእከላይ ቤት ጽሕፈት፡ ማእከላትን መደበራትን ጥዕና፡ ንመዐቀቢ መድሃኒት (ክታበት) ዘገልግል ኣየር ኮንደሽንን ፍሪጅን ንኽጽገን ከምጫርት ስለዝደለና፡ ንሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ጽገና ንዕድም፡፡ (ቅጥዒ መጫረትን ሓበሬታን ካብ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ይወሰዱ)

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ኣገልግሎት ጽገና ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዱሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኢታዊ ውሽጢ ሃገር፡ መንነት ወረቓትን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዮ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ሳምሶም ርእሶም ቁ.ቴለ 08534562 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ተወዳደርቲ ጨረታ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ ቤ/ጽ ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
8. ተጫረቲ ኑቲ ዝተዓወተሉ ኣገልግሎት ጽገና ንሓደ ዓመት ብናቱ መገዓዝያ የመላልስ፡፡

ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ቤ/ጽ/ጨ/ሚ/ጠ. ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና
ሓደሽ ኩትሚያ 3ይ ደርቢ ልዕሊ ቤተመዛክር ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ምጽዋዕ
ቁጽሪ ቴሌፎን 08534562

## ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ሕክምናን ሰነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ኣብ ውሽጢ ኮሌጅ ዝርከብ እንዳ ሻሂ ንክልተ ዓመት ዝጸንሕ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣገልግሎት ዝውዕል ኣጫራቱ ከካሪ ስለ ዝደለዩ፡ ምስኡ ቀረቡ ዘሎ ጨረታ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ተጫረትቲ ይዕድም፡፡ ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፦

1. ተጫረትቲ ቅዱሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን፡ ቅዱሕ መንነትን ከምኡ'ውን ዓመታዊ ግብሪ ናይ 2024 ዓ/ም ዝኸፈሉሉ ሰነድ የቕርቡ፡፡
2. ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
3. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዮ ካብ ኮሌጅ ሕክምናን ሰነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ክፍሊ ዕድጊ 163467/163834 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
4. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ይኽፈት፡፡ (ጨረታ ዝኽፈተሉ ግዜ ናይ ስራሕ መዓልታት ምስ ዘይኸውን ድሕሪ መበል 10 መዓልቲ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኽፈት፡፡) ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰበን ሰራሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ Conference Room ቁ/109 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
5. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ 25,000 (ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕ) CPO የትሕዝ፡፡
6. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
7. ኮሌጅ ሕክምናን ሰነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮሌጅ ሕክምናን ሰነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ
ኣስመራ ኤርትራ
ቁ/ቴ 163834

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ብስም መሴ ሚካኤል ገ/ማርያም፡ ኣብ ዓዲ ከበ. ጸሎት ብመወከሲ. ቁ.000064 ቁ. ምስክር ወረቐት 008072 ፕሎት 22 ፓርሰል F ንመንበሪ መዓል ዝተዓደለኩዎ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝነበረ እንተሎ፡ ብቁ.ቴሌ. 07215960 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣመልካቲ፡ መሴ ሚካኤል ገ/ማርያም

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ፡ ብስም ዋልያ ኣሕመድ ሴፍ ዝፍለጥን ብዚፕኮድ "1A134" ፕሎት "25 ፓርሰል "T" ጉ-ኣሙልዓጅዝ ቁ-ጾ "4V መለለዪ ቁ-ንብረት 1BRASM019693 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ ብመሸጣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ይግበረሉ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ዋልያ ኣሕመድ
ወኪል ኣፍራሕ ዓብደላ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ልቺ ተሰፉዝጊ ወልደየሰስ ምግልፅ ተረፉ፡ ሉቺ ተሰፉዝጊ ወልደየሰስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳሚኤል መርእድ ኣብርሃም ምግልፅ ተረፉ፡ ሳሚኤል ሙኡክታር ስሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲተ፡ ወረ/ ኻፍ/ ኣበ የውሃንስ ቀለተ ኮሎኔል ዙርያስ ዘልደየውሃስ ሓመድናጉተጸዋዕቲ ወረ/ፉ ጽሃይቲ የውሃንስ ቀለተ፡ ዛፉ ገብሩ+5፣ ወረ/ፉ ኣበ የውሃንስ ቀለተ +5፣ ወረ/ፉ ኣበ ወልደየውሃንስ ቀለተ ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ቀለተ፡ ጴጥሮስ የውሃንስ ቀለተ፡ ኤልሳ ወልደየውሃንስ ሓምድናካ +4 ብዝዕባ ምቕላት ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ን9/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ከሳሲ ኣቶ መሓመድ ኣድረሰ ተኸሳሲ ኣቶ ዓንደብርሃን ተሰፋስላሴ፡ ዘሎ ናይ ስራሕ ክርክር፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ሓራጅ

ኣብ መንካ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ፉ መሓሪ ተኽለን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፉ መሓሪ ተኽለን ብዘተፈጥረ ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዕለት 20/02/25 ብቑ/መዝ 294/24 ብዝሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማይተመናይ ጎደና 799 ቁ/ገዛ 10 ኣብ ሎታ 53 ፓርሰል E/3;F/3 ኣብ 308 ት/ሜትር ተደኲኑ ዝርከብ መንበሪ ገዛ 3 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ቤት ፍርዲ ብሓራጅ ተሸይጡ ወረስቲ በብጽሒቶም ይውሰዱ ክበሃል ስለ ዝኣዘዘ፡ ብክኢላ ማጣሲ ዋጋ 133,868.00 (ሚእትን ሰላሳን ሰለስተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ስሳን ሸሞንተን) ናቕፋ ስለዝተገመተ፡ ኣብ'ቲ ዝቐደ ሓራጅ ክውዕደር ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 መዓልታት ጀሚሩ ናይ'ቲ ክውዕደረሉ ዝረቑሖ መጠን ገንዘብ ብዘተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወሉ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ፡ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻም ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክውዕደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘየቕረበ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 15/07/2026

ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ

ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል፣ ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ኣስመራ ማይ ተመናይ ከበ. ጎደና 799 ክዕዘብ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ፈ/ፍርዲ

ኣብ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/09 ሎታ 8 ፓርሰል T ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቑ/ም/ወ 105885 መ/ቁ 116419 ብስም ወረስቲ ካሕሳይ ቀሊታ ተመዝጊቡ ዝርከብ ንብረት ገዛ ብውርሲ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምዃኑ ነረጋግጽ።

ምሕረት ካሕሳይ ቀሊታ

ኣነ ኣመልካቲ ኣቶ የውሃንስ ዑቕባሚካኤል ወልደየውሃንስ፡ ካብ ወ/ሮ ለምለም ተስፋሚካኤል ገብረእንድርያስ ዝዓደግክዎ ገዛ ኣብ ኣስመራ ምም/ኣባሻውል ዚፕ ኮድ ኣባሻውል 1A132 መለለዪ ገዛ ASD00006226 ስፍሓት ፓርሰል 88.00 ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑ/ንብረት 8995/26 ዝተመዝገበ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ የውሃንስ ዑቕባሚካኤል ወልደየውሃንስ

## NOTICE

Notice is herby given to the public that " Bana Industry Plc " has conducted an extraordinary general meeting on March 23rd 2026 and resolved that Mr. Ghirmai Kidane Tesfazion is appointed as the new General Manager of the Company for unlimited duration.

Bana Industry Plc

ኣቶ ዳምጠው ኣሚር ዝተባህልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል "ኣስመራ" ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ከበ. ማይ ጭሆት፡ ጎደና ኣንሰ፡ ቁ/ገዛ 65 ዚፕ ኮድ 1A199 ፕሎት "57T" ፓርሰል "F" ስፍሓት መሬት 120.00 ት/ሜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ናይ ቅድሚ ቁጽሪ መለለይ ንብረት 1BRASM013330/0 ናይ ሕጂ ቁጽሪ መለለይ ንብረት 1BRASM013330/1 ብስም ዳምጠው መብራህቱ ኣሚርን ኻፍ/ሄር መብራህቱ ኣሚር ጴጥሮስን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክገብረሉ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ዳምጠው መብራህቱ ኣሚር

ብስም ቅዱስ ሃይለማርያም ብርሃ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከበ/ዚፕ ኮድ ኣባሻውል 1A132 ጎደና ወዲጋን ቁ/ገዛ 9 ዝርከብ ቀንዲ ክፍሊ 2 ተሓጋጋዚቲ 2 ዘለዎ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብንብረት ቁ/መዝገበ 5499/2017 ብዕለት 13/02/2017 ዝተረጋገጸ ገዛ ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ፊልሞን ገብረትንሳኤ

## PROPERTY PROSPECTING NOTICE

## RESIDENCE FOR THE EU AMBASSADOR AND EU OFFICES

The Delegation of the European Union to the State of Eritrea in Asmara seeks a leased property to serve as official Residence for the EU Ambassador and EU offices. The property will include two distinct entities for the EU residence (max 550 m²) and for the EU offices (range 130-180 m²). The residence should be suitable for both representational activities and private use and have a minimum of 4 bedrooms and 3 bathrooms. Desired location is within Tira Volo, Campo Bolo, Centre and Geza Banda. It should feature an interior surface area of no more than 730 m², and be available for occupation by 01 September 2026. The lessor may be asked to adapt the office area to meet the EU requirements.

For more details, visit: https://www.eeas.europa.eu/delegations/eritrea/property-prospecting-notice-%E2%80%93-residence-and-offices_en

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Underground Shotcrete Operator**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Underground Shotcrete Operator is responsible for the safe and effective application of shotcrete for ground support in underground mining environments.
- The role ensures that all shotcrete activities are completed to the required quality standards to maintain ground stability and support mine development.

**Essential Functions**

- Operate underground shotcrete spraying equipment safely and efficiently
- Ensure ground stability and support through accurate application of shotcrete
- Maintain compliance with all safety, environmental, and operational standards
- Support overall underground development and construction objectives

**Main Functions**

- Perform shotcrete application to ground surfaces according to engineering designs
- Conduct pre-start inspections and routine maintenance of shotcrete equipment
- Assist with installation of ground support systems, including mesh and bolts
- Monitor work quality and adjust procedures as needed to meet specifications
- Maintain equipment, tools, and work areas in good condition

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Shotcrete Application**:

- Apply wet or dry shotcrete to achieve required thickness, coverage, and adhesion
- Follow pre-determined shotcrete patterns and specifications
- Use depth measurement tools and visual checks for quality control

**Equipment Operation & Maintenance**:

- Perform pre-start checks and routine maintenance on pumps, hoses, and nozzles
- Troubleshoot minor equipment issues underground
- Maintain proper handling and storage of cement, additives, and shotcrete materials

**Safety & Compliance**

- Identify hazards and report unsafe conditions immediately
- Adhere to site safety protocols, including PPE and confined space regulations
- Participate in safety meetings and toolbox talks

**Documentation & Reporting**

- Record daily shotcrete application volumes and quality checks
- Report equipment faults, operational delays, or ground conditions affecting work

**Additional Duties**

- To perform other related work as assigned.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- May assist in other underground construction or mine development activities as required
- May provide training or guidance to junior operators or offsiders
- Role requires flexibility to adapt to varying shifts and underground conditions
- Direct contribution to mine productivity, safety, and ground stability performance
- Travel underground frequently and may work in confined or challenging environments

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Minimum High School Diploma or equivalent; technical or vocational training in mining or construction preferred<br>• Valid mining-related certifications (e.g., shotcrete operator, heavy equipment, safety training)<br>• Competency in underground work permits, confined space entry, and safety regulations<br>• Valid driving or equipment operating licenses as required. | • Minimum 5 years of experience in underground shotcrete operations in mining or tunneling environments<br>• Knowledge of underground ground support systems, including bolting, meshing, and shotcrete applications<br>• Familiarity with mining methods, tunnel development, and construction best practices<br>• Understanding of mine safety legislation, environmental regulations, and quality standards. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Proficient in operating mechanized shotcrete equipment (e.g., Normet, Putzmeister, or equivalent)<br>• Ability to calibrate and adjust spray parameters (air pressure, flow rate, accelerator dosing)<br>• Understanding of wet and dry shotcrete mix designs and material properties<br>• Competency in thickness control methods (depth pins, visual profiling, rebound management)<br>• Basic mechanical troubleshooting and maintenance of pumps, hoses, and spray nozzles<br>• Ability to interpret engineering drawings, shotcrete specifications, and ground support designs<br>• Knowledge of ventilation requirements and dust suppression techniques<br>• Familiarity with quality control processes such as cube sampling, adhesion testing, and application documentation. | • Strong safety awareness and commitment to zero harm<br>• High level of reliability, punctuality, and accountability<br>• Good communication and interpersonal skills for teamwork<br>• Proactive, flexible, and adaptable to changing operational requirements<br>• Problem-solving and critical thinking in high-pressure underground environments<br>• Attention to detail and commitment to quality workmanship. |

**General Iformation and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

ሪፖርታዥ

# ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳሳት ን/ዞ/ በሪኽ



ናዝሬት በይን
ኣ/ዜ/ኤ - ማእከል

24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ፍሉይ ቦታን ስንብራትን ዘለዋ ዕለት እያ። ከምኡ ክትከውን ዝኸኣለት ከኣ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን፣ እቲ እንኮ ምስጢሩ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ግዝኣተ ሓይልታት ተቓሊሱ ብግዝአ ቅልጽሙ ናጽነቱ ዝተጎናጸፈ ስለዝኾነ እዩ።

መሰል ርእሰ ውሳነ ኤርትራን ህዝባን ብትኳቦ ከም ዘይተዋህበ ድማ ኣብ ርእሲ ናይ ኩሉ ዜጋ ሰሪጹ ዘሎ ሓቂ እዩ። ናጽነቱ ንልዕሊ 30 ዓመታት ብጽንዓት ብምቅላስን ንስለኣ ብዝኸፈሎ ከቢድ ዋጋን ከም ዝተረጋገጸ'ውን ርዱእ



ወ/ሮ ሩታ ዳዊት

ይኸውን። ህዝቢ ኤርትራ ነዛ ጀጋኑ ደቁ ከፊሎ ዝረኸባ ናጽነቱ፡ ዓመት መጺ ብሓበንን ረዚን ዝኽርን፡ ብወህደት ብድሙቕ ኣገባብ እዩ ዡበዕላ።

ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ሓንቲ ካብ ገጠራት ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል'ያ። ህዝቢ ናይዛ ንኡስ ዞባ ድማ፡ ኣብ 22 ዓዲታት ኮማዊ ዳሳት ብምትካል፡ መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ ብድምቀት ጸንቢሎም።

ንሳቶም፡ ዘድሊ እኽለ ማይ ብምድላው'ዮም፡ ብ24 ግንቦት፡ ነዛ ርእሲ ኩለን በዓላትና ዝኾነት ክብርቲ ዕለተ ናጽነት ምስ ደቆም ብምኳን ዘኪሮምዋ ውዒሎም።

ኣብቲ ቅርዓት ዝተደኮነ፡ ጥምረትን ሕጉስ ሃዋህውን ዝመልኦ ኮማዊ ዳሳት፡ ካብቲ ኣፍ ዘዩጽረየ ቁልዓ ክሳብ'ቲ ዕድመ ዝደፍኣ ሽማግለ ሓቢሮም ክቋደሱ ኢኻ ትዕዘብ። ንኽብሪ ናጽነትና ዝኸልዑ ዝተፈላለዩ መሰናድኣታት ብምድላው ከኣ፡ ብሓባር ክዘናግዑ እንክትዕዘብ፡ ፍሉይ ዝኾነ ረታት እዩ ዝፈጥረልካ። ናብ ንኣሽቱ ወለዶታትና ዝሓለፉን ዝወራረሱን ታሪኻት ድማ ጎሊሖም ይርኣዩ።

ጎደኒ ጎደኒ ናይ'ቶም ብቐጻሊ ንጽባቐ ዳሳትና እኻይዶም ምሽብሻባት፡ ሎሚ ዓመት ፍሉይ ሃዋህው ዘለዎ መልእኽትታት እዮም ሓቝፎም ነይሮም። እተን 22 ኮማዊ ዳሳት ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ሓድሕድ ዘይሰናንፋ ኮይነን፡ ክንጾኡ ንሃዋህው ኣበዓዕላ ናጽነትን ጽንብል ኮማዊ ዳሳትን ተወሳኺ ክብርን ሓጎስን እየን ወሲኸናሉ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በሪኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን፡ ነታ ክብርቲ ዕለት ክንዘክር ከሎና ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ዓቂቡ ሳላ ዝተቓለሰን ዝመከተን ህላውነቱ ከም ዘውሓሰ፡ ጎሊሑ ከም ዝርኣየና ጠቒሱ፡ ንስለ ናጽነት ዝተኸፍለ ዋጋ ንወለዶታት ቀጻልነቱ ምእንቲ ክረጋገጽ፡ ኩሉ ነባሪ ናይቲ ንኡስ ዞባ፡ ብበከባቢኡ ዘካይዶም መደባት ንምዕዋት ክጽዕት ተማሕጺኑ።

“ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ፈትዩ ዝሃቦ የሎን፣ እምበሺ እኳ ደኣ ብቕልጽሙ ቀያሒቲ ከፊሉ'ዩ ወኒኑዋ” ክብል ዝገለጸ ኣቶ ተስፉ፡ ንድምቀት መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ሰፊሕ ምድላዋት ከም ዝተገበረ፡ ብኡ መሰረት ድማ ኣብ ትሕዝቶኦን ዓቕምን ናይቲ ንኡስ ዞባ ዝተመርኮሰ ሃገራዊ ደርፍታት፡ ድራማ፡ ዝተፈላለዩ ትልሂታት ኣብተን ዳሳት ከም ዝቐረበ ሓቢሩ። ኣብ ምምዕራግ ናይዛ ክብርቲ ዕለት ንዝተሳተፉ መንግስታውያን ኣካላት፡ ህግደፍን ማሕበራትን ድማ ኣመስጊኑ።

ነባሪ ጻዕዳ ክርስትያን ኣቶ በላይ ሃብትኣብ፡ ትርጉም ናጽነት ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ምውጻእ ምዃኑ ብምሕባር፡ “ናጽነት መዳርግቲ የብሉን፣ ብፍላይ ንህዝቢ ኤርትራ። እዚ ናጽነት'ዚ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዓመጽቲ ክሳዶም ብምድናን ዘረጋገጾ ኮይኑ፡ ብቕልጽሙ ናብ'ዚ ርሁው መድረኽ በጺሑ ኣሎ። ሕጂ'ውን ከም ትማሊ ብሓድነቱን ወህደቱን ንቕድሚት እዩ ዝምርሽ ዘሎ። ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ናጽነት ንምዕቃቡ ከኣ፡ ኩላትና ሓላፍነት ክንስከም ኣሎና” ኢሉ።

ነባሪት ጻዕዳ እምባ ወ/ሮ ሩታ ዳዊት፡ ኮማዊ ዳሳት፡ ንጼዋን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝኸልዕ፡ ሰላምን ፍቕርን ዝዓሰሎ ምኻኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ግዜ ንበይንኻ ክትሓስብ ከለኻ፡ እንቋዕ ኤርትራዊ ኮንኩ ዝብል ድምጺ ካብ ውሽጥኻ ባዕሉ ይወጽእ። ኤርትራ ክትብል ኣዝዩ እዩ ዘሐብኖ፣ በዚ ከኣ ኢና ኣብ ሓደ ልብን ቅርዓትን ብምኳን፡ ምሉእ መዓልቲ ኣብ'ዚ ቦታ ተኣኪብና ዘሎና። ብተወሳኺ፡ ነዚ ናጽነትና፡ ከም ናትና ገይሩ ዝበዕሎ የሎን። ምኽንያቱ፡ ታሪኽና መዳርግቲ የብሉን፣ ንኹለን ርእሰ ሓያላን ኣምበርኪኽና ኢና ረኺብናዮ። ፈትዩ ናጽነትና ዝሃበና የለን። በዚ ከኣ፡ ብምሉእ ሓጎስ ንጽንብሎ ኣሎና። ነዚ በዓል



ወ/ሮ ኣበባ የማነ

ንምድማቕ ከኣ፡ ብምሉእ ወኒ፡ ዝተፈላለዩ ንሕብረ ብዙሪታና



ኣቶ በላይ ሃብትኣብ

ህዝቢ ኤርትራ ኑቲ ከቢድ ዋጋ ዝተኸፍሎ ናጽነት ንምዕቃብ፡ ብዙሕ መስዋእትን ጻዕርን'ዩ ከፊሉ። እዚ ታሪኽ'ዚ ክዉን ክኸውን ዝተሰርሐ ቅያ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምስግጋር ብቐጻሊ ኣብ ኩሉ መድረኻትና ክንጸባረቕ ኣለዎ። ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ተዋሂቡ ዘሎ “ጽንዓትና ዋሕስና” ዝብል ቴማ ከኣ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ከም ወትሩ ብኸሕን ሓቦን ኣብ ባይታ ከም ዝሰርሖ ዝገልጽ እዩ። ነዚ ድማ፡ ኣይኮነን ጾ ወዲ እዛ ሓላል መሬት፡ ካልኦት ዜጋታት'ውን ዝምስክሩሉ ሓቂ እዩ” ኢሉ።

ኣካያዲት ስራሕ ከባቢ ጻዕዳ እምባ ወ/ሮ ኣበባ የማነ፡ ዕልልታኣ ብምቕዳም፡ “ናጽነትና ዓመት መጺ ንሕሉፍ እናዘከርና ክንጽንብሎ ኣዝዩ'ዩ ዘሐብነና። ሓደ ሓደ ዘንጸባርቑ ኣልባሳት ለቢስና ኢና፡ ኣብ ዳስ ሓድነት ብሓባር ከነኹድድ ንርእ ዘሎና” ድሕሪ ምባል፡ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ርሑስ በዓል ናጽነት ኢላ።

ንኡስ ዞባ በሪኽ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ 16 ንኡሳን ዞባታት ኮይና፡ ብ21 ዓድታትን 12 ምምሕዳራትን ከቢባን ዝቖመት'ያ። ልዕሊ 14 ሽሕ ስድራቤታት ድማ ኣለዋ። ህዝባ፡ እቲ 80 ሚእታዊት ብሕርሻን መጓሰን ዝናበር ኮይኑ፡ እቶም 20 ሚእታዊት ከኣ፡ ብመጠነ ንኡስ ንግድን ካልእን ናብራኦም ዝመርሑ እዮም። ምስኡ'ውን ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ ህዝቢ ኣብ ቀረባኡ ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ዕድላት ስለ ዝተዋደደሉ፡ ተረባሒ ናይ'ዚ መስተርሀያት ክኸውን በቒዑ እዩ።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ስልክይና

### ይስልክየናዶ፧ ስለምንታይ፧

ምስልካይ ካብቲ ብብዝሒ ኣድህቦ ዘይንህቦ ኰነተ ኣእምሮ እዩ። መበገሲኡን ኣፈታትሓኡን ብግቡእ ካብ ዘይምርዳእ ዝብገስ ከኣ ስምዒትና፡ ድርኺትና፡ ዝምድናና፡ ኣፍራይነትና፡ ጥዕናና ከይተረፈ ኣብ ከዕኑ ዝኽእል ባህ ዘይብል ኰነታት ተቐርቂርና ክንከይድ ንግደድ። ምስልካይ፡ ብቐሊሉ ክልለ ዝኽእል እንክነሱ ክንገልጾ ግን ኣመና ኣሸጋሪ እዩ። ኣእምሮና ግዚኡ፡ ንኣካላትና ጠሚሩ ብምእሳር ኰለንትናዊ ደውታ ከኸትል ይኽእል። እቲ ዝፈጥሮ ባህ ዘይብል ስምዒት ምስ 'ከየፍረኹ ግዜ ይሓልፍ ኣሎ' ዝብል ስክፍታ ተሓዋዊሱ ኣደዳ ጸቕጥን ቀዛነትን ክገብረና ይኽእል። ምስልካይ፡ ብዙሕ ዝዕመም ስራሕ እንክለና፡ ኣብ ዝባንና ልዑል ክብደት ከም ዝተጸዓንና ዕንይንይ ከም ንብል'ዩ ዝገብር። ምስልካይ እንታይ እዩ፧ ብኸመይ እዩኸ ዝብገስ፧

ምስልካይ ውጽኢት ብርክት ዝበለ ኣሉታዊ ስምዒትን ኰነትን እዩ። ጠንቂ ምስልካይ ንዝተፈላለየ ሰብ ዝተፈላለየ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል እዩ። ገለ ምኽንያት፡ ንግዜኡ ጥራይ ክጸልወና ይኽእል እዩ፣ ገለ ምኽንያት ግን ንኣዋርሕ ወይ ንዓመታት ብምስልካይ ከም እንሳቐ ክገብር ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ኣስተምህሮ ወይ ሰሚናር፡ ኣርእስቲ ወይ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ንግዜኡ ከስልክየና ይኽእል እዩ። ካብቲ መደብ ምስ ወጻእና ግን እቲ ናይ ምስልካይ ስምዒት ክተፍእ ይኽእል እዩ። ዘይንፈትዎ፡ ትርጉሙ ዘይርድኣና፡ ወይ ንኽንርድኦ ዘጽግመና ዓውደ ትምህርቲ፡ ንነዊሕ ዓመታት ብዘይ ለውጢ ኣብ ሓደ ዓይነት ስራሕን ቦታ ስራሕን ምጽማድን ካልእን ግን ንነዊሕ ግዜ ብምስካይ ከም እንሳቐ ክገብር ይኽእል። ብ2012 ብኣርባዕተ ተመራመርቲ፡ "ኣረኣእያታት ኣብ ስነ ኣእምሮኣዊ ስነ ፍልጠት" ዝብል ኣርእስቲ፡ መሳጢ መጽናዕታዊ ወረቐት ቀሪቡ ነይሩ። እዞም ተመራመርቲ፡ ኣድህቦ ኣብ ምስልካይ መሰረታዊ ጽልዋ ከም ዘሎዎ ገሊጾም ነይሮም። ፈለማ ሰብ ንኽብገስ 'ስነ ኣእምሮኣዊ ጸዓት' ክህልዎ ኣለዎ ይብሉ፣ "ሰብ ኣእምሮኣዊ ጸዓት ምስ ዘይህልዎ ኣብ ዓለሙ ዝኾነ ነገር ክፍጠር ኣይክእልን።" ይብሉ። "ይኹን እምበር ሓደ ሰብ ልዑል ኣእምሮኣዊ ጸዓት፡ ድልኺትን ምዝናይን ሃልይዎ፡ ዝጸምድን መሳጥን ነገር ምስ ዘይረክብ ከኣ ናብዛ ምስልካዩ እዩ፡" ብምባል ይገልጹ።

ሕጽረት ኣድህቦ ክስልክየና ከም ዝጸሉ ዝብርህ መጽናዕቲ፡ ብ1989 ብሮቢን ዳምርድ ፍረይን ጀምስ ላርድን ዝበሃሉ ተመራመርቲ ተኻይዱ፡ ኣብ ባህርን ማሕበራዊ ስነ ኣእምሮን ዝስሙ ጆርናል ተሓቲሙ ነይሩ። እቲ መጽናዕቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት እዩ ተኻይዱ። ሰለስቲኦ ጉጅለ ሓደ ጽሑፍ ከም ዘንብቡ ተገይሩ፣ ነቶም ቀዳሞት ጉጅለ ኣብ ጥቓኦም ዝርከብ ገዛ ዓው ዝበለ ረባሺ ናይ ተለቭዥን ድምጺ ከም ዘውላዕ ገበሩሎም። ነቶም ካልኣይ ጉጅለ፡ ቀስ ዝበለ ድምጺ ዘለዎ ናይ ሶፕ ኣፔራ ክላሲካል ወልዑሎም፣ ነቶም ሳልሳይ ከኣ ፈጺሙ ዘይርብሽ ኣዝዩ ትሑት ድምጺ ከም ዘውላዓሎም ተገብረ። እዞም ሰለስተ ጉጅለታት፡ ነቲ ዝተዋህቦም ጽሑፍ ኣንቢቦም ምስ ወድኡ፡ ማዕረ ክንደይ ስልክዩዎም ከም ዝነበር ተሓተቱ። እቶም ኣዝዩ ትሑትን ዘይርብሽን ድምጺ ዝተወልዕሎም ጉጅለ ልዕሊ እቶም ክልተ ጉጅለታት (ማለት ልዑል ድምጺ ተለቭዥንን ማእከላይ ድምጺ ናይ ሶፕ ኦፔራን) ከም ዝሰልከዮም ገሊጾም። እቶም ዓው ብዝበለ ድምጺ ናይ ተለቭዥን ዝተረበሹ ጉጅለ በቲ ኰነታት ዋላ ድኣ ሓሪቖም ይንበሩ ፍጹም ከም ዘይሰልከዮም እዮም ገሊጾም። እቶም ዝሰልከዮም ጉጅለ ዝሃብዎ ምኽንያት፡ ዋላ ድኣ ከንብቡ ምቹእ ኰነታት ይንምበር ብኣድህቦ ከንብቡ ግን ከም ዝተጸገሙ ገሊጾም። ኣድህቦ ዝሰርቕ ደጋዊ ጽልዋ ጥራይ እዩ ዘመስለና ይኹን እምበር፡ ኣእምሮና ዋላ ዝርብሽ ደጋዊ ነገር ይርከብ፡ ጸሚዱ ዝሕዞ ነገር ምስ ዝረክብ ካብ ምስልካይ ክድሕን ይኽእል'ዩ። ብውሽጥና ኣድህቦና ዝሰርቕ ነገር ምስ ዝህሉ ግን ብቐሊሉ ኢዩ ናብ ምስልካይ ዘድህበልና። ስለዚ ጠንቂ ምስልካይና ኣብ ደጋዊ ጽልዋ ጥራይ ዘይኮነ ውሽጣዊ'ውን ከይከውን ምፍታሽ ከድሊ እዩ።

ምስልካይ ዋላ ድኣ ዝበዝሐ ክፋሉ ኣሉታዊ ጽልዋ ይሃልዎ፡ በመጠኑ ግን ኣገዳሲ እዩ። ውርይቲ ጸሓፊት ኣጋታ ክሪስቲ፡ "ምምሃዝ ካብ ኣገዳስነት እቲ ምህዞ ዝብገስ ኣይኮነን፡ ምምሃዝ ካብ ስራሕ ምፍታሕ፡ ምናልባሽ'ውን ካብ ትህኪት ክብገስ ይኽእል እዩ፡" ኢላ ነይራ። ምስልካይ፡ ስራሕ ምስኣን፡ ብዙሕ ነጻ ግዜ ምርካብ፡ ወዘተ፡ ካብ ዘስዓቦ ኣእምሮኣዊ ምኹብላል ንምድሓን ብዙሓት ሰባት ብርቂ ዝኾነ ሓሳብን መደብን የንቅሉ እዮም። "ምስልካይ ምልክት ለውጢ ምድላይ እዩ፡" ዝብሉ ሰባት'ውን ኣለዉ። ኣብ ሓደ ዓይነት ስራሕ ንነዊሕ ዓመታት ክንሰርሕ እንተጸኒሕና ክስልከይና ይኽእል'ዩ። ካብዚ ባህ ዘይብል ኣደንዛዚ ስምዒት'ዚ ንምውጻእ ከኣ ሓድሽ ስራሕ ወይ ኣሰራርሓ ክነተኣታቱ ንሓስብ ኢና። እዚ ድርኺት'ዚ ከኣ ለውጢ ከነምጽእ ከበግሰና ይኽእል። ብፍላይ ቁልዑ፡ ብብዝሒ ዘይተጸምደ ግዜ ምስ ዝህልዎም ነብሰ ምልኪ፡ ጽንዓትን ተባላሓትነትን፡ ከዕብዩ ከም ዝሕግዞም ተመራነርቲ ስነ ኣእምሮ ይገልጹ። ስለዚ ምስ ሰልከየና እንገብሮ ነገር እወታዊ ውጽኢት ዘምጽእ ጥራይ ይኹን እምበር፡ ካብ ምስልካይ'ውን ክንከስብ ንኽእል ኢና ማለት እዩ።



## ኣሰልከይቲ ሰባት ዲና፧

ኣሰልከይቲ ምኽንናን ዘይምኽንናን ባዕልና ክንፈልጥ ኣጸጋሚ እዩ። ምስ ፈለጥና'ውን ኣብ ምቕባሉ ንጽገም ኢና። ኣብ ከምዚ ናትና፡ ኣበርካ ከነግረካ ዘሰክፎ፡ ሕብረተሰብ ምስ እንህሎ እሞ ብምስካይ ብዙሓት ሰባት ከነህልቕ ንኽእል ኢና። ዝበዝሐ ግዜ ሰባት ዋላ ድኣ ካብ ስክፍታ ዝተበገሰ ኣፍ ኣውጺኦም ኣይንገሩና፡ ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ግን ክነግሩና ይፍትኑ እዮም። ስለዚ ኣሰልከይቲ ምኻናን ዘይምኻናን ካብ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ቀረብትና፡ ተመሃሮና፡ መሳርሕትና፡ ወዘተ፡ ክንግምግም ንኽእል ኢና። ካልኣይ መገምገሚ ሚዛ፡ ኣሰልካይ ዝኾነ ባህርያት ከም ዘሎናን ዘይብልናን ምፍታሽ እዩ። ገለ ካብቲ ኣሰልካይ ዝበሃል ባህርያት፤

- **ወትሩ ኣሉታውን ተቓራንን ሓሳብ ምቕራብ፡** ዋላ እቲ ነቐፌታን ክትዕን ዝፈቱ ሰብ፡ ወትሩ ተቓራኒ ሓሳብ ዘቕርብ ሰብ ኣይብርሆን እዩ። ዝተፈልየ ኩርናዕ ናይ ሓሳብ ምልዓል መሳጢ'ኳ እንተኾነ ገለ ሰብ ፍሉይ ኴንካ ምቕራብ ብልሒ ኰይኑ ስለ ዝስምዖ ወትሩ ኣሉታዊን ተቓራንን ሓሳብ ክህብ ይረኣ። እዚ ከኣ ንቐረብቱ ስለ ዘስልክዮም ካብኡ ክርሕቁ ይግድዶም።

- **ምስሉይነት፡** ቅንዕና መሳጢ ባህሪ'ዩ፣ ምስሉይነት ከኣ ኣጸያፊ፣ ብፍላይ ኣብ ሕብረተሰብና ቦታ ኣይረክብን'ዩ። ዘይንስኻ ምምሳል እምነት ብምግዳል ዝምድና ዕምሪ ዝምድናታት የሕጽር እዩ። ናይ ሓጺር ይኹን ነዊሕ ግዜ ርክባትን ዝምድናን ኣብ እምነት እዩ ዝምርኮስ። ዘይንሱ ዝመስል ሰብ ክትኣምኖ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ ዋላ ንሓጺር ግዜ ክትረኽቦ'ውን ምኽንያት ክትረክብ ኣይትኽእልን። ስለዚ ካብ ትርጉምን ኣገዳስነት ዘይብሉ ዕላል እንሰምዕ ግዜ እተጥፍእ ግዜኻ ኣብ ካልእ ንጥፈት ክሕልፎ ትመርጽ።

- **ልኡምነት፡** ከም ዕትሮ ኣብ ዘቐመጥካዮ ዝጸንሕ፡ ኣብ ዕላል ይኹን ንጥፈት ዝውሰኽ ሓሳብ ዘይብሉ ወይ ዘይህብ፡ ፍሉይ መለለዩ ዘይብሉ፡ ኣሎን የለን ክትፈልዮ ዘይትኽእል ሰብ፡ ልክዕ ከምቲ ቀትሩ ተቓዋምን ኣሉታውን ሰብ ኣሰልከይቲ እዮም። ልኡም ሰብ ብምርካብ ዝርከብ ፍሉይ ሓሳብ ወይ ንጥፈት ስለዘየለ ከኣ ምስቲ ሰብ ግዜ ምጥፋእ ኣይወሓጠልካን እዩ።

- **ኣነነት ዝበዝሖ ባህሪ፡** ርእሰ ተኣማማንነት ዘለዎ ሰብ ክትረኽቦን ከዕልሎን ተበሃጊ እዩ፣ ይኹን እምበር ልዕሊ ዓቕን ብነብሱ ዝተኣማመን፡ ኣነነት ዘሎዎ፡ ጸሓይ ኣብ ዙራኡ እትዘውር ዝመስሎን ሰብ ግን ክትረኽቦ ይኹን ከተዕሎ ባህ ኣይብለካን እዩ። ነብሱ ከተዓባቢ ክብል ነብሰ ክብርኻ ባይታ ስለ ዘዝብጦ ኣብ ጥቓኡ ክትቀርብ'ውን ኣየተባባዓካን እዩ።

- **ኣቐዲሙ ክግመት ዝኽእል ግብረ መልሲ ምሃብ፡** ሰባት ብተፈጥሮና ሓድሽን ፍሉይን ዝኾነ ሓሳብ ባህ ይብለና እዩ። እቲ እንሓስቦ ሓሳብ ዝሓስብን ዝሰማማዕናን ሰብ ደስ ይብለና'ኳ እንተኾነ ኩሉ ግዜ ተመሳሳሊ ሓሳብ ዘቕርብን ካብ ግምካ ዘይወጽእ ግብረ መልሲ ዝሎዎን ሰብ ግን ወትሩ ክትረኽቦን ክተዕልሎን ድርኺት ኣይፈጥረልካን እዩ። እዚ ኣቐዲሙ ዝተዘርዘረ ዘይመሳጢ ባህርያት ዘሎዎ ሰብ ኣሰልካይ እዩ። ንሕና ከኣ ነዚ ባህርያት ከም ዘሎና እንተ ፈሊጥና ኣሰልከይቲ ሰባት ምኻንና ተረዲኢና ቅልጡፍ ምትዕርራይ ደኣ ንግበር።

## ምስ ሰልከየና እንታይ ንገብር፧

ምስልካይ፡ ኣብ ክንቈጻጸሮ ዘይንኽእል ኰነታት እዩ ብብዝሒ ዝፍጠር። ኣብ ሪጋ ምጽባይ፡ ኣብ ክፍሊ (ግዜ ትምህርቲ)፡ ኣብ ነዊሕ ሰዓታት ዝወስድ ኣኼባን ሰሚናርን፡ ወዘተ። ብኣካል ክንሃድመሎም ዘይንኽእል ኰነታት ናብ ኣእምሮኣዊ ህድማ እዮም ዘምርሑና። መፍትሒ ምስካይ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ይኽእል እዩ። መሳጥን ጸማድን መደባት ካብ ምስልካይ ከድሕን ከም ዝኽእል ዘካትዕ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ዘድልየና ትምህርትን ሓበሬታ ንምኽሳብ ዋላ ኣብ ኣሰልካይ ንጥፈታት ክንሳተፍ ከድልየና እዩ። ገለ ካብቲ ኣብ ኣሰልካይ ኰነታት፡ ካብ ምስልካይ ንምድሓን ክንገብሮ እንክእል ሜላታት፤

- **ትርጉም ምርካብ፡** 'ትርጉም ኣለዎ፡' ኢልና እንኣምነሉ ነገር ኣየስለክየናን እዩ። 'ኣብ መጻኢ ክጠቕመኒ እዩ፡' ኢልና እንሓስቦ ፍልጠን ሓበሬታን'ውን ከምልጠና ኣይደልን ኢና። ስለዚ ፈለማ ናይቲ እንሳተፎ ዘሎና ንጥፈት ወይ መደብ ኣገዳስነት ወይ ትርጉም ክርድኣና የድሊ። ብሓፈሻ፡ ትርጉምን ኣገዳስነትን ዘይብሉ ሓበሬታን ፍልጠን ስለዘየለ፡ መረዳእታና ከነዕብን ኣእምሮና ንፍልጠን ሓበሬታን ክፉት ክንገብር የድሊ ምባል ይሓይሽ።

- **ንጡፍ ተሳታፍነት-** ሰማዒ ጥራይ ምኳን ኣሰልካይ እዩ። ሕቶን ርእይቶን ምስ ዝህለና ምቕራብ፡ ኣብ ጉጅለኣዊ ዘተ ንጡፍ ተሳትፎ ምህላው፡ ትሕዝቶ ጉጅለኣዊ ዘተ ምቕራብ፡ ጽሑፍ ወይ ኖት ምውሳድ፡ ወዘተ፡ ካብ ሓደ ንላዕሊ ስምዒት ህዋሳትና ስለ ዘሳትፍ ንኣድቦና ክሕግዝ ይኽእል። ኣድህቦ እንተሎ ከኣ ምስልካይ የለን ወይ ክጎድል ይኽእል ማለት እዩ።

- **ንነብስና ዝጸምድ ዕዮ ምሃብ፡** ናብ ሓደ ሰሚርና ተሳቲፍና፡ ሓጺር ጸብጻብ ናይቲ ሰሚናር ከነቕርብ ዕዮ ምስ ዘወሃብና፡ ምስልካይ ኣይኮነን ዓይንና'ውን ሰም ከነብል ንነብስና ኣይነፍቅደላን ኢና። ከም ተራ ተሳታፍይ ምስ እንሳተፍ ግን ንነብስና ድላያ ክትከውን ንሓድጋ ኢና። ጸማዲ ስራሕ ወይ ንጥፈት ምስ ዘይወሃበና ንነብስና ባዕልና ክነዳልወላ ይደሊ። ምኽንያቱ፡ ምስልካይ፡ ነቲ ዝሰልከየ ሰብ እምበር ነቲ ኣሰልካይ ሰብ ኣየሳቕዮን እዩ።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ዩናይትድ፡ ኣብ ጉዳይ ኣንደርሶን ብሲቲ ተበሊጻ

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንእንግሊዛዊ ተጻዋታይ ኖቲንግሃም ፎረስት ኢሊኦት ኣንደርሶን ንምፍራም ክትገብሮ ዝጸንሐት ምንቅስቓስ ብማንሲቲ ከም ዝተበለጸት 'ዘ ሚረር' ሓቢራ።

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ነዚ ኣከፋፋሊ ኣብ ክረምቲ ንምፍራም ኣብ ዒላማኣ የእትያቶ እንተ ጸንሐት፡ ነቲ ዝተተመነሉ 100 ሚልዮን ፖውንድ ግን ክትከፍል ኣይደለየትን። ብተወሳኺ፡ ኣንደርሶን ካብ ናብ ዩናይትድ ናብ ሲቲ ክኸይድ ድሌት ከም ዘለዎ ስለ ዝተረደአት፡ ነቲ ዕድጊ ክተቋርጽ ተገዲዳ። በዚ ከኣ ነቲ ምስ ምውጻእ ካዘሚሮ ሃጓፍ ኣጋጢምዎ ዘሎ ማሰመር ምክፍፋል ንምድልዳል፡ ኣተኩሮኣ ናብ ካልኦት ተጻወትቲ ገይራ ትርከብ። ኣዳም ዋርቶን፡ ካርሎስ ባሎባ፡ ቾኣሚ ገለ ካብቶም ከተፈርሞም ተጣይቐሎም ዘሎ ኣከፋፈልቲ'የም።

ንጋርደዮላ ኣፋንያ ብማሬስካ ክትሰልጥን ወሲና ዘላ ማንቸስተር ሲቲ ድማ፡ ወዲ 23 ዓመት ኢሊኦት ኣንደርሶን ናብ ዋንጫ ዓለም 2026 ቅድሚ ምቕናዑ ክትውንኖ'ዩ ሓሳባ። ኣንደርሶን፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ምስ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጸቡቕ ክእለት እንተ ኣንጸባሪቑ ዋጋኡ ከም ዝወሰኽ ዝተረደኣት ኖቲንግሃም ድማ፡ እቲ ዕድጊ ድሕሪኡ ክኸውን'ዩ ድሌታ።



ኣንደርሶን፡ ኣብ 2024 እዩ ብ35 ሚልዮን ፖውንድ ካብ ኒውካስል ናብ ኖቲንግሃም ተጸንቢሩ።

## ሸርሆቸ ምስ ዩሲክ ዘካየዶ ቕልስ ክድገም ሓቲቱ

ሪኮ ሸርሆቸ፡ ቀዳም 23 ግንቦት ኣብ ጊዛ ፒራሚድ ግብጺ ምስ ሻምፕዮን ከቢድ ሚዛን ኦሌክሳንደር ዩሲክ ዝገበሮ ጸወታ ክድገም ኣተየድቲ ድማ ይቕረታ ክሓትም ጸዊዑ።

እቲ ክብሪ ሻምፕዮንነት ንምሓዝ ኣብ ክፉት መድረኽ ዝተኻየደ መኸተ ገስጢ፡ ብኣከራኻሪ ኣገባብ ከም ዝተዛዘመ እዩ ዝገለጸ። እቲ ጸወታ ኣብ መበል 11 ዙርያ ምስ በጽሐ ክዘዘም ሓንቲ ካልኢት ምስ ተረፈቶ ዳኛ ተክኒካዊ ምቁራጽ ጸወታ ጸዊዑ።

እቲ መኸተ ገስጢ ኣከራኻሪ ዘብሎ ዘሎ፡ ክልተ ዳያኑ 95-ብ95 ክብሉ እንከለው፡ ሳልሳይ ዳኛ ድማ ሸርሆቸ ብጸቢብ 95-ብ94 ይመርሕ ኢሉ ነይሩ። ጸወታ ብቲክኒካዊ ምቁራጽ (ቴክኒካል ኖክኣውት) ብምዝዛሙ ግን ዓወት ናይ ኦሌክሳንደር ዩሲክ ክኸውን ክኢሉ፡ 'ሰበሲ' ነቲ ጸወታ ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ከኣ ሻምፕዮን ከቢድ ሚዛን መኸተ ገስጢ፡ ክብሪ ሻምፕዮንነቱ ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ሰጊኡ ነይሩ ኢሉ።

ዳያኑ ዓወት ከም ዝመንጠልዎ ዝገለጸ ሆላንዳዊ ሪኮ ሸርሆቸ ብወገኑ 'ንቢቢሲ' ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣነ ይቕረታ'የ ዝደሊ፡ ካልእ ዝደልዮ የለን። ሰባት ስለ ዝሸሩና ክንልና ጌጋ ክንፍጽም ንኽእል ኢና።.... በቃ ካብቲ ዝበለ ንቖጽል፡ እቲ ጸወታ ይደገም" ኢሉ።



ወዲ 37 ዓመት ሸርሆቸ፡ ኣብ ጸወታ ርግሒት ንልዕሊ 4 ሽሕ መዓልታት ሻምፕዮን ክኸውን ዝኾቶ'ዩ። ናብ መኸተ ገስጢ ድሕሪ ምምጻኡ ድማ ቅድሚ እዛ ናይ ቀዳም ግጥም፡ ኣብ 2014 ሓንቲ ፕሮፈሽናል ጸወታ ኣይዩዱ ነይሩ። ኣብኡ ከኣ ንጆርንያማን ብማሳዮር ብዓወት መዊኡዎ።

ወዲ 39 ዓመት ዩክሬናዊ ኦሌክሳንደር ዩሲክ ድማ ሓደ ናይዚ ዘመን ዝለዓለ ተቓላጣይ ተባሂሉ ይንገረሉ። እዚ ተቓላጣይ ኣብ 25 ፕሮፈሽናል ግጥም ኣይተሳዕረን።

## ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ታሪኽን ክዉንነትን ፊተ-ፊት

### ኣርሰናል፡ ካብቲ ልቢ ዘሰብር ናይ ፓሪስ ፍጻመ ኣንጻርታ ካብ ፓሪስ ዘመጸአት ክለብ

ጸባሕ ከተማ ቡዳፔስት ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኣብ ከሰኦ እግሪ ክትምስክር'ያ። ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኣብ መንጎ ኣኽሊል ሻምፕዮንስ ሊግ ለቢሳ ዘላ ፒኤስጂን ሕልሚ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምስዋር እትቃለስ ኣርሰናልን። ናይ ጸባሕ ጸወታ፡ ፒኤስጂ ኣብ ልዕሊ ኣርሰናል ብምዕዋት፡ ኣከታቲላ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝዓተረት ናይ ፈለማ ፈረንሳዊት ክለብ ንምዃን ክትገጥም'ያ። ኣርሰናል ከኣ ኣብ ታሪኻ ንፈለማ ግዜ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ብምልዓል ናብ ሰሜን ሎንደን ክተግዕዞ ክትፋለም'ያ። ናይ ጸባሕ ጸወታ፡ ድሕሪ ዓመት ስፖርት 2019-20፡ ንፈለማ ግዜ ናይ ሃገረን ሻምፕዮን ዝኾና ክለባት ዘካይድኦ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኩይኑ ክኸይድ'ዩ።



ኣርቴታ ምስ 'ማርካ' ኣብ ዝገበሮ ቃለ ምሕትት፡ "ኣብ ናይ ሓገሰን ሩፍታን ስምዒት ኢና ዘለና። ሰኸምና ተቐንጢጡ'ዩ። ዋንጫ ጨቢጥና ኢና። እዚ ስምዒት፡ እዚ ተስፋ ሐዝዩ፡ ሻምፕዮንስ ሊግ ክንዓትር ህርፋን ገይርና ኣለና" ኢሉ። ኣርሰናል፡ ቅድሚ 20 ዓመት ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኣብ ፓሪስ ልቢ ዘሰብር ክስተት ኣጋጢሙዋ ነይሩ'ዩ። ተጻዋታይ ብቀይሕ ካርድ ድሕሪ ምብራሩ፡ ብባርሴሎና ተሳዒራ ንጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣማዕድያ ክትርእዮ ተገዲዳ'ያ። ደጊማ ምስታ ዋንጫ ፊት-ፊት ክትራኸብ ድማ ኣብ ደርሆኹት ትርከብ። ሕሉፍ ታሪኽ ዶ ዋላስ ህሉው ክዉንነት ይሰዕር ጸባሕ ክረጋገጽ'ዩ።

ኣርሰናል፡ ዋንጫ ከተልዕል ሕልሚ ካብ ዝበረ ሃዋህው ብምውጻእ ህያው ገይራቶ'ላ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትድግሞ ትኽእል፡ ንጋቢዩቲ ክለባት ኤውሮጳ ሰዒሩ ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ በጺሑ ዘሎ ልዊስ ኤንሪከ፡ ነዛ ጸዋእ ክዕወታላ ምስ ምትጽምማኩ'ዩ ዘሎ። ህላወኡ ኣጠራጣሪ ኩይኑ ዝጸንሐ፡ ደሰምበ ደያባለ ኣብ ልምምድ ምርኣዩ ንተስፋኡ ተስፉ ዝወሰኸ'ዩ፡ ደወን ካቨርትሸሊያን'ውን ድሉዋት ከም ዘለዉ ይሕበር። ኑኖ መንደዝን ሓኪምን ህላወኦም ኸኸ እንተዘይተረጋገጹ ዘራእምሪይ ሓላፍነት ክስከም'ዩ።

ብወገን ኣርሰናል፡ እቲ ንሸሞንተ ሰሙናት ካብ ጸወታ ዝኾለፈ ተሳሚር ኣብዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ህላወኡ ኣጠራጣሪ'ዩ። መጉዳእቲ በን ዋይት ግን ኣርቴታ መፍትሒ ክኸበርሉ ክግደድ'ዩ። መጉዳእቲ ማዱክ ምሕር ሰክፍታ ኣይፈጥርን'ዩ። ልዕሊ ኹሉ ግን ተጻወትቲ ኣርሰናል ኣጥርየሞ ዘለዉ ስነልቦናዊ ዕግበት፡ እቲ ፒኤስጂ ክትሰዮሮ ዓቕሚ ዘኸሩና ክውንነት'ዩ።

## ኣልቫረዝ ናብ ባርሴሎና ከቕንዕ.....

ኣብ ዓመት ስፖርት 2026-27 ተፈራሒ መስመር ምጥቃዕ ክትሃንጽ ኣንቂዳ ዘላ ባርሴሎና፡ ንህልያን ኣልቫረዝ ንምውናን ትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ናህሪ ወሲኻትሉ።

ደሮ ንኣንቶዋን ጎርደን ብምምጻእ መስርዑ ዘደላደል ዘሎ ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ሃንስ ፍሊክ፡ ነቲ ብኣርሰናልን ፒኤስጂን ዝድለ ዘሎ ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ ጠለብ ኣቕሪቡሉ ይርከብ። ሃንስ ፍሊክ፡ ጋንታኡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ተወዳዳሪት ገይሩ ንምቕራብ ብዙሕ ሹቶ ከም ዘድልዮ'ዩ ዝገልጽ። ምስ ምሰንዞት ለዋንዶውስኪ ድማ ምምጻእ ኣልቫረዝ ኣገዳሲ ገይሩዎ ይርከብ።



ሓለፍቲ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ንኣልቫረዝ ክሰድዎ እኳ ድሌት እንተ ዘይብሎም፡ እዚ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ግን ማልያ ባርሴሎና ክለብስ ልዑል ባህጊ ኣርእዩ ኣሎ። ሓሳብ ኣልቫረዝ ከኣ ሓለፍቲ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንውሳኔኦም ዳግመ ግምት ክገብሩሉ ጉዲድዎም ኣሎ።

ኣልቫረዝ፡ 49 ግዜ ንኣትሌቲኮ ማድሪድ ወኪሉ ኣብ ሜዳ ክወርድ እንከሎ፡ 20 ሹቶታት ድማ ብስሙ ኣመዝጊቡ። ኣብ ትሕቲ ሃንስ ፍሊክ ብምዃን ከኣ ሓደሽ ብድሆ ክፍትን ይደሊ።

እዚ ወኪ ኣጥቃዓዮም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእትወዎ ዝይደልዩ ወሃንቲ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ትሕቲ 150 ሚልዮን ዩሮ ከም ዘይሸጥዎ ይሕብሩ። ብሰንኪ ኣትያቶ ዘላ ቀጠባዊ ቅልውላው፡ ሕጽረት ገንዘብ ዘጋጥማ ዘሎ ባርሴሎና፡ ንህልያን ኣልቫረዝ ንምውናን፡ ቅድሚ 30 ሰነ ናብ ሕጊ '1:1 ላሊጋ' ብምምላስ መፍትሒ ክትረኽበሉ ትፍትን ኣላ።

## ዜና ብሓጺሩ



- **ከንቲባ ከተማ ኒውዮርክ ናይ ኣርሰናል ኮርታ ምኽዱኡ ኣገረሙ**

ከንቲባ ከተማ ኒውዮርክ ዞራን ማምዳኒ፡ ብምኽንያት ዓድ ኣልኣድሓ፡ ረቡዕ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ጸሎት ሱ ስርዓት፡ ናይ ኣርሰናል ኮርታ (ባህላዊ ክዳን ደቡብ ኤሲያ) ለቢሱ ብምምጻኡ ኣገረመ።

ከንቲባ ዞራን፡ ወዲ 10 ዓመት እንከሎ፡ ሓወቦኡ ስእሊ ተጻወትቲ ኣርሰናል ዝበሩ ዊልቶርድ፡ ሴማን፡ ካምፐል፡ ሄንሪ ዝሓዘት ፍረጅ ምስ ገዝኣሉ ደጋፊ ኣርሰናል ከም ዝኾነ ይሕብር። ን24 ዓመት ከኣ ንኣርሰናል ደጊፉዋ። ዞራን ብምኽንያት ዓወት ኣርሰናል ኣብ ፕሪመር ሊግን ዓደን ክጽንብል ነዚ ልብሲ ከም ዝመረጾ ይሕብር። ብዙሓት ወገናት ከኣ ኣርሰናል ቀዳም ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ እንተልዒላ እንታይ ክገብር'ዩ ይብሉ'ለው።

- **ቸልሲ ኣገራሚ ዕድጊ ክትካይድ**

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ቸልሲ ዝበረ ጆ ኮል፡ ኣብ መቖየሪ ክፍሊ ቸልሲ ዘሎ ባህሪ ንምቕያር፡ ቸልሲ ንለዋንዶውስኪን ጆን ስቶንስን ብቕልጡፍ ከተፈርሞም ጸዊዑ። ጆ ኮል፡ ንመንእሰያት ተጻወትቲ ቸልሲ ንምድጋፍ ግደ ናይዞም ክልተ ሓርበኛታት ዕዙዝ ምዃኑ'ዩ ዝኣምን። ስቶንስ፡ ሽዱሽተ ጸዋኣት ፕሪመር ሊግ ከምኡ'ውን ሓንቲ መዳልያ ሻምፕዮንስ ሊግ ብምልዓል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ካብ ሲቲ ተፋንዩ ይርከብ። ለዋንዶውስኪ ብወገኑ፡ ምስ ባርሴሎና ኣብ ዘጸንሖ ኣርባዕተ ዓመታት 120 ከዕወቱ ምስ ሰከቦት ድሕሪ ምርኻብ ምስ ጋንታኡ ተፈላልዩ ኣሎ።

ጆ ኮል፡ ናይ ዓወትን ተመክሮን መንፈስ ናብ ቸልሲ ንኽመጽኡ እዞም ክልተ ምኩራት ተጻወትቲ ብናጻ ክስጋገሩ ይደሊ። እቲ ውሳኔ ግን ናይ ሓደሽ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኣሎንሶ እዩ ክኸውን።

- **ፈሊፓ ልዊስ ንሞናኮ ከሰልጥን'ዩ**

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ቸልሲ ዝበረ ፈሊፓ ልዊስ ሓደሽ ኣሰልጣኒ ሞናኮ ክኸውን ኣብ ስምምዕ በጺሑ። ልዊስ፡ ስሙ ምስ ሰቨርኩሰን ተተሓሒዙ ክግለጽ እኳ እንተ ጸንሐ፡ ሃንደበታዊ ለውጢ ብምግባር ናብ ፈረንሳ ኣቕኒዑ ይርከብ። ወዲ 40 ዓመት ብራዚላዊ ፈሊፐ ልዊስ ነቲ ድሕሪ 8 ኣዋርሕ ምስ ሞናኮ ዝተፈላለየ ሰባስትያን ፖኮኖሊ ተኪኡ፡ ክሳዕ 2028 ምስታ ክለብ ክጸንሕ ተሰማሚዑ'ሎ።

## ነይማር፡ ካብ 2 ክሳዕ 3 ሰሙን ክእለ'ዩ

ብሰንኪ ተደጋጋሚ ዘጋጥሞ መጉዳእቲ ኣብ ብቕዓት ከም ዘዐለ ዝነገረሉ ዘሎ ብራዚላዊ ኣጥቃዓይ ነይማር፡ ካብ 2 ክሳዕ 3 ሰሙን ካብ ጸወታ ከም ዝርሕቕ ተሓቢሩ።

ሓኪም ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ትማሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ነይማር ትማሊ ሕክምናዊ መርመራ ምስ ተኻየደሉ፡ ኣብ ጭዋዳኡ ክልተ መጉዳእቲ ስለ ዝተረኽቦ ካብ 2 ክሳዕ 3 ሰሙን ካብ ጸወታ ክርሕቕ'ዩ" ኢሉ። በዚ ማሰረት ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ኣብ እተካይዶ ክልተ ምሕዝነታዊ ጸወታን ቀዳማይ ጸወታ ናይ ዋንጫ ዓለምን ህላወ ናይዚ ተጻዋታይ ኣጠራጣሪ ኩይኑ ይርከብ።

ብራዚል፡ 31 ግንቦት ምስ ፓናማ፡ 6 ሰነ ድማ ምስ ግብጺ ምሕዝነታዊ ጸወታ ሰሪዓ ትርከብ። ናይ መውዓእታ ብቕዓት ነይማር እትምስክር ግጥም ከኣ እዛ ምስ ግብጺ እትካየድ ምሕዝነታዊ ግጥም'ያ።

ንነይማር ኣብ መሳርዕ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ብምክታቱ ብዙሕ ነቐፌታ ዝወርዶ ዘሎ ኣንቸሎቲ፡ ንሕክምናዊ ወጽኢት ነይማር ኣመልኪቱ ዛጊት ዝሃቦ መግለጺ የለን። ብማሰረት ሕጊ ፊፋ፡ ናይ መኽፈቲ ጸወታ ቅድሚ ምኽያዱ ኣብ ዘሎ 24 ሰዓታት ናይ ዝተጎድኡ ተጻወትቲ መተካእታ ከተቕርብ ይከኣል'ዩ። ብራዚል 13 ሰነ ምስ ሞሮኮ ቀዳማይ ግጥም ዋንጫ ዓለም ከተካይድ'ያ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ኣብ ወተሃደራዊ መደበር ኣመሪካ መጥቃዕቲ ፈጺማ

እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ኣመሪካ ናብ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ኣብ ወደባዊት ከተማ ባንደር ዓባስ ዝፈጸሞቶ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ መደበር ኣመሪካ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደ ሓቢሩ።

እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብሰንሁ ነውሰ ዝተባህለ ወግዓዊ ማዕከን ዜና ኣቢሉ ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ዝተኻየደ ናይ ግብረ መልሲ መጥቃዕቲ፡ ተረር መጠንቀቕታ ንምትሕልላፍ ዝዓለመ ምዃኑ ኣፊሩ።

ኢራን፡ ኣበናይ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ግን ዛጊት ኣይሓበረትን ዘሎ።

ብመሰረት ጸብጻብ ኣገልግሎት ዜና 'ፋርስ'፡ ኣመሪካ ኣብ ሰዓት 1:30 ናይ ለይቲ እያ ኣብ ወደባዊት ከተማ ባንደር ዓባስ መጥቃዕቲ ኣካይዳ።

ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ኣመሪካ ድሒረን ኣብ ዘውጽኦ ሓበሬታ፡ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብቲ ዞባ ንዘርከቡ ወተሃደራቱን በቲ መጽብብ ዝሓልፉ ንግዳውያን መራኽብን ስግኣት ከም ዝፈጥር ዝገለጾም፡ ኣብታ ወደባዊት ከተማ ዝርከብ ወተሃደራዊ ነቑጣታት መጥቃዕትታት ከም ዘካየደ ጠቒሶን።

ሓደ ኣመሪካዊ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ግን፡ እቲ ብሰራዊት ኣመሪካን እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራንን ዝተኻየደ መጥቃዕትታት፡ ነቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ከም ዘይኮነ ገሊጹ።



## ትራምፕ፡ ንየማን የጠንቅቕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ የማን፡ ነቲ ኩናት ኢራን ካብ ዝጀመር ንደሓር ተዓጽዩ ዝርከብ መጽበብ ሆርሙዝ ክትቆጻጸር እንተ ፈቲና፡ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ክካይድ ከም ዝኽእል ኣሚቱ።



መጠንቀቕታ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኢራን መጽበብ ሆርሙዝ ንምኽፋት ከምእ'ውን ምስ የማን ኮይና ነቲ ናይ ባሕሪ ትራፊክ ንምቁጽጻር ዘኽእላ ስምምዕ ከም ዘካየደት፡ ዝገልጽ ዘይወግዓዊ ንድፊ ከም ዝረኸበ፡ ሓደ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ኢራን ድሕሪ ምቅላሑ እዩ ዝወሃብ ዘሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት፡ መጽበብ ሆርሙዝ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዝኾነት ሃገር ከም ዘይኣቱ፡ እዚ ድማ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ክበጽሕ ዝድለ ዘሎ ስምምዕ ከም ዝኸውን ኣፍሊጡ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ የማን ዘይኮነ ካልኦት ሃገራት፡ ንመጽበብ ሆርሙዝ ክትቆጻጸር እንተ ፈቲና፡ ዝመጣጠና ወተሃደራዊ ግብረ መልሲ ክወሃባ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

የማን ሓንቲ ካብተን ዓበይቲ መሻርኽቲ ኣመሪካ ኮይና፡ ኩናት ኢራን ክሳብ ዝጀምር፡ ጉዳይ ንጽክልሳዊ መደባት ኢራን ብልዝብ ንምፍታሕ፡ ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን መንጎኛ ኮይና ከም ዝጸንሐት ምንጪታት ይሕብሩ።

ኢራንን የማንን ኣብ ኣንጻራዊ ጫፋት ናይቲ ሓደ ሕምሲት ካብ ኑዳዲ ዓለምና ዝመሓላለፍ መጽበብ ተደኲነን ዝርከባ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ እየን።

ብ28 ለካቲት፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ድሕሪ ዝጀመራኦ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ፡ ኢራን ነቲ መጽበብ ክትዓጽዎ እንከላ፡ ኣመሪካ ድማ ብወገና ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን እገዳ ምግባራ ኣይርሳዕን።

ኢራን፡ ካብቲ እዋን'ቲ ጀሚራ፡ ብመጽበብ ሆርሙዝ ንዝሓልፉ ምንቅስቓስ ንግዳውያን መራኽብ ክትቆጻጸርን ቀረጽ ከተኽፍልን 'ልኡላዊ መሰለ' ከም ዝኾነ እያ ብተደጋጋሚ ትምጉት ዘላ።

## ሰሜን ኮርያ፡ ብሰብ ሰርሓ ብልሒ ዝተማእዘነ ሚሳይል ፈቲና

ሰሜን ኮርያ፡ ሰብ ሰርሓ ብልሒ ዝዓጠቑ ሓደስቲ ዝማዕበሉ ናይ ሚሳይላት መወንጨፊን ስርዓታት ታክቲካዊ ክሩዝ ሚሳይልን ኣብ ፈተነ ከም ዘውዓለቶ፡ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ዝተኻየደ ፈተነ፡ ዓቕሚ ናይ ሓደ ታክቲካዊ ባሊስቲካዊ ሚሳይልን ፍሉይ ተተኳሲ ሮኬትን ከምኡ'ውን ንልክዕነት ናይቲ ብሰብ ሰርሓ ብልሒ ዝምእዘን ናይ 240 ሚሊሜተር ሮኬትን ክሩዝ ሚሳይልን ከም ዝገምገመ፡ እታ 'ከይሲኤንኤይ'. ዝተባህለት ማዕከን ዜና ገሊጻ።



እታ ማዕከን ዜና ወሲኻ፡ እቲ ናብ መኽዘን ኣጽዋር ሰሜን ኮርያ ዝተጸንበረ ሓዲሽ ዓይነት ክሩዝ ሚሳይል፡ ፕዮንግያንግ ክሳብ 100 ኪሎ ሜተር ኣብ ዘሎ ርሕቀት ንዝርከብ ዒላማታት ብልክዕ ንኽትወቅዕ ዝሕግዛ ምዃኑ ኣፊራ።

ብመሰረት እታ ማዕከን ዜና፡ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ቀንዲ ዕማም ሚኒስትሪ ምክልኻል ሃገሩ፡ "ብሓያል ናይ ውግእ መከላኸሊ ዓቕሚ" ተጠቒሙ ልኡላውነት ሃገሩ ንምክልኻልን ቁጠባውን ፖለቲካውን ዕቤት ንምውሓስን ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ከም ኣመሪካን ፈደረሽን ሩስያን ዝኣመሰላ ብርክት ዝበላ ምዕቡላት ሃገራት፡ ኣብ ወተሃደራዊ ስርዓታተን ሰብ ሰርሓ ብልሒ ንምትእትታው ብኣተኩሮ ይሰርሓ ምህላወን ምንጪታት ይሕብሩ።




## ኬንያ - ብሓደጋ ባርዕ 16 ተመሃሮ ሞይቶም

ካብ ናይሮቢ - ርእሰ ከተማ ኬንያ ኣስታት 120 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ኣብ እትርከብ 'ጊልጊል' ዝተባህለት ከተማ ኣብ ዝተደኮነ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ብዝገጠመ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ 16 ተመሃሮ ከም ዝሞቱ፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ከተማ ሓቢሮም።

ዝርከብ ዝተፈላለየ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ባርዕ ሓዊ ከም ዝገጠመ እዩም ምንጪታት ዝሕብሩ።

ዝጠዘሉ ካብ'ቶም ሓደጋታት ባርዕ ሓዊ፡ ብተመሃሮ ኮነ ተባሂሉ ዝተበገሱ ምዃኖም ድማ፡ ፖሊስ ኣብ ዘካየዶም



ብሸነኺ እቲ ኣብቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝመሃራሉ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ዝተፈጥረ ባርዕ ሓዊ፡ ካልኦት ኣስታት 80 ተመሃሮ እውን ከም ዝቖሰሉ ገሊጾም።

እቶም ሰበ ስልጣን እቲ ባርዕ ሓዊ፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ሰዓታት ለይቲ ከም ዝገጠመ'ውን ኣሕፊሮም።

ፖሊስ ናይታ ከተማ፡ ጠንቂ ናይቲ ባርዕ ንምንጻር መርመራታት የካይድ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ቅድሚ ሕጂ'ውን፡ ኣብ ኬንያ ኣብ መርመራታት ከረጋግጹ ከም ዝኸኣሉ ምንጪታት የመልክቱ።

ኣብ 2001፡ ኣብ ዞባ ማቻኮስ ኣብ ዝርከብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ብዝገጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ 67 ተመሃሮ ክሞቱ እንከለዉ፣ ኣብ 2024 እውን ኣብ ማእከላይ ክፋል ኬንያ ኣብ ዝርከብ ሓደ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ብዘጋጠመ ተመሳሳሊ ሓደጋ፡ ብውሑዱ 21 ሰባት ከም ዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ

ዕለት
29/5/26

ጎደና
ጎደና ማ.ት.ኣ-176 ቁ.25 ፡ ከባቢ ሲነማ ዳንተ

ቁ.ስልኪ
126003

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services